

# እንጌራ ህይወት

5

ኢየሱስ በሎም፡ እንጌራ ህይወት ኣነ እየ።
ናባይ ዝመጽእ ኣይጠምን፡
ብኣይ ዝኣምን ከኣ ከቶ ኣይጸምእን ኢዩ። ( ዮሃ 6:35 )

# ትሕዝቶ


ዘንጽህ ፍታው 1

ህይወት ዘፍረየ ሞት 7

ሞት፣ ዓስቢ ሓጢኣት 16

እዝኒ ዘለዎ ይስማዕ 21


## ለበዋ

ክምለሰልኩም እትደልይዎ ሕቶ፣ ክተቐርብዎ እትደልዩ ርእይቶ፣ ክትውፍይዎ እትደልዩ ኣበርክቶ፣ እንተልዩ በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ክትልእኩ እላቦ።


ኣድራሻ፡-
ዶ/ር ተኽለኣብ መንግስተኣብ
ቁ.ሳ.ፓ. 1966
ኣስመራ-ኤርትራ



ኣሰናዳኢ
ዶ/ር ተኽለኣብ
መንግስተኣብ


ብሓልዮት መካነ ህይወት መድሃኔ ዓለም ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተክርስትያን ትምህርቲ ሰንበት ዝዳሎ መጽሄት

# ዕላማ

እዛ መጽሄት ኣብ መጽሓፍ ቅዱስና ዝርከብ ኣርእስትታት ትምህርታዊ ብዝኾነ መልክዕ በብሓደ እናጸሓፍካ፣ ኣብ ቤተክርስትያን ይኹን፣ ኣብ ኣባይትና ብውልቂ ይኹን ብሕብረት ደረጃ ኣብ ዝግበር መጽናዕትታት ከም ሓጋዚ ማተርያል ኮይና ምእንቲ ክተገልግል ተባሂላ ዝተዳለወት መጽሄት እያ።

<u>መተሓሳሰቢ</u>

ስም ናይ ጸሓፊ ኣብ ትሕቲ እቲ ኣርእስቲ እንተዘይተጻሒፉ ብኣሰናዳኢ ናይዛ መጽሄት ዝተጻሕፈ ምዃኑ እሕብር።

# ዘንጽህ ፍቓው

ማቴ፡8፡1-4፣ ማር፡1፡40-45፣ ሉቃ፡5፡12-16

ጐይታ ንዝጠፍኡ ሰባት ክናዲ ፈትዩ፡ ካብ ሰማያት ወሪዱ ኣብ ምድሪ ካብ ዝግለጽ እዋን ኣትሒዙ፡ ኣብ ብዙሓት ዓድታት እስራኤል እናተመላለሰ ኣገልጊሉ እዩ። ካብ ዕለታት ሓደ መዓልቲ ካብ ሓደ ከረን ወሪዱ ናብ ሓደ ዓዲ ክኣቱ ከሎ ኣዝዩ ብዙሕ ህዝቢ ይስዕቦ ነበረ። ካብኣቶም ገሊኦም ሃዋርያት ገሊኦም ካልኦት ደቀመዛሙርቲ ገሊኦም ፈሪሳውያንን ሰዱቃውያንን፡ ገሊኦም ድማ ካብቲ ብዙሕ ዝዓይነቱ ሞያን ማሕበራዊ ህይወትን ዘለዎም ሰባት የጠቓልል ነበረ። ካብ ምብዛሕ ናይቲ ሰብ ዝተላዕለ፡ ፈሊኻ ንሓድሓደ ውልቀ ሰባት ከተቕልበሎም ከምዘጸግም ርዱእ እዩ። ፈሊኻ ከተቕልበሉ እትኽእል ፍሉይ ውልቀሰብ እንተሄሩ ኀይታ ጥራይ እዩ። ንሱ ከም ጓሳ ኣብ ማእከል ኣባጊዕ፡ ከም ሹም ኣብ ማእከል ንህቢ፡ ከም ገምቢ ኣብ ማእከል ኣምራታት ወዘተ እዩ።

ካብ ማእከል እዚ ኹሉ ብዙሕ ሽግር ዘለዎ ህዝቢ ግን፡ ሓደ ሰብኣይ ሃንደበት መጺኡ ብብርኩ ተምበርኪኹ፡ ብገጹ ኣብ እግሪ ኀይታ ድፍእ በለ። ኀይታ ነዚ ስግደት እዚ ረጊጹ ዝኸይድ ሕልና ኣይነበሮን። ናይ ብርኩን ናይ ገጹን መልእኽቲ ጥራይ ዘይኮነስ ናይ ኣፉ መልእኽቲ ንኽሰምዕ'ውን ደው ክብል ናይ ግድን እዩ። ነዚ ፍሉይ ኀይታ ፈልዩ ደው ዘብል ሰብ ካብ ካልኦት ሰባት ፍልይ ዘብሎ ጸገም ነይሩ። መብዛሕትኦም ሰባት ካብ ስግደቱ ምስ ቀንዐ እዮም ርእዮሞ። ነቲ ብለምጺ ዝተወቕዐ ስጋኡ ምስ ረኣዩ ዳርጋ ኩሎም ሰባት ከምዝስምብዱ ፍሉጥ እዩ። ዋላ እቶም ደቀመዛሙርቲ ከይተረፉ እንተዘይሃደሙ እኳ ከምዝስቀቑ

ንሱ ከም ጓሳ ኣብ ማእከል ኣባጊዕ፡ ከም ሹም ኣብ ማእከል ንህቢ፡ ከም ገምቢ ኣብ ማእከል ኣምራታት ወዘተ እዩ።

ዘየጠራጥር እዩ። እንተ እቶም ካብ ንሰብ ከቐርቡ ክርሕቑ ዝቐሉም፡ ካብ ክድንግጹ ክጽየፉ ዝቐሉም ፈሪሳውያንን ሰዓብቶምን ግን እንተዝኾነሎም ነፈሮም ክጠፍኡ ኣይምጸልኡን።

**እዚ ርኽሰቱ ዝእውጅ ዝነበረ ሰብ፡ ኣብ ልዕሊኡ ምሕረት እትእወጀላ ሰዓት፡ ካብታ ዝሓመመላ ሰዓት ጀሚሩ ብሂግዋ እዩ።**

ብዛዕባ ለምጺ እዚ ዝዓይነቱ፡ ፍርሃት ኣብ ልቢ ሰባት ክሓድር ዝኽእለ ብዘይምኽንያት ኣይነበረን። ኣብቲ ነዚ ሕማም እዚ ዝሽውን መድሃኒትን ሓኪምን ዘይነበረሉ ዘመን፡ ክንድዚ እንተፈርሁ፡ ነቲ ፍርሃቶም ዘይምኽኑይ ምግባሩ ፍትሓዊ ኣይኮነን። ምኽንያቱ ኣብቲ ጊዜ እቲ ነቲ ሕማም ናይ ምክልኻል እንኮ መንገዲ ነቶም ሕሙማት ካብቲ ህዝቢ ፈሊኻ ምቕማጥ ጥራይ እዩ ኔሩ። እዚኣ ከኣ ሽዑ ብዝነበሩ ናይ ሕክምና ሰብ ሞያ ዘይኮነስ፡ በቲ ንስጋ ኮነ ንነፍሲ ዝሓሊ ኣምላኽ ዝተመኽረት ሰናይ ምኽሪ እያ ዝነበረት። ነዚ ሕሙም እዚ ናይ ምፍላይ ሓላፍነት ዝወሰዱ ድማ እቶም ሌዋውያን ካህናት እዮም (ዘሌ፡13 ፡45-46)። እዚ ለምጺ ዝተራእዮ ሰብ ባዕሉ ብገዛእ ኣፉ "ርኹስ እየ" ኢሉ ክእውጅ ናይ ግድን ነበረ። ምኽንያቱ ጥዕና ሕብረተሰብ ምሕላው ዋላ ናይቲ ሕሙም ሓላፍነት እዩ። ከም ኣገላልጻ መጽሓፍ ቅዱስ፡ ለምጻም ዝብል ቃል ኣብ ቆርበት ናይ ስጋ ዝርእ ዝተፈላለየ ዓይነት ተመሓላላፊ ናይ ቆርበት ሕማም የመልክት። ኣብ ክዳን ይኹን ኣብ መንደቕ ዝርእ ዝኾነ ይኹን ተመሓላላፊ ቁስሊ ከኣ ብለምጺ ይግለጽ ነበረ። ምኽንያቱ ከኣ ናብ ሰብ ክለግብ ዝኽእል ምኽኑ ስለዝተኣምነሉ እዩ (ዘሌ፡13፡47- 59 ዘሌ፡14፡33-37)። ካህናት ለምጺ ንምፍላይ ክኽእሉ ኣብ ሙሴ ሕጊ መምርሒ ተዋሂብዎም እዩ። ሓደ ለምጻም ካብ ለምጹ እንተሓውዩ ድማ ፍሉይ ዝኾነ ስርዓትን መስዋእትን ይፍጸመሉ ነበረ (ዘሌ፡13፡1-45፣ ዘሌ፡ 14፡1-32)።

እዚ ብሓቅን ብመንፈስን ኣብ ቅድሚ ጎይታ ዝሰገደ ሰብ፡ ብዘይካ እቲ ሕማም ዘስዓበሉ ስጋዊ ስቓይ፡ እቲ ሕጊ ዘስዓበሉ ማሕበራውን መንፈሳውን ተነጽሎ ቀሊል ኣይነበረን። "ኣነ ርኹስ እየ እሞ ካባይ ርሓቑ" እናበልካ ምእዋጅ ማዕረ ክንደይ ከቢድ ከምዝኾነ ይስመዓና ዶኾን ይህሉ። እዚ ርኽሰቱ ዝእውጅ ዝነበረ ሰብ፡ ኣብ ልዕሊኡ ምሕረት እትእወጀላ ሰዓት፡ ካብታ ዝሓመመላ ሰዓት ጀሚሩ ብሂግዋ እዩ። ከም ናይ ንእማን ሶርያዊ ዝበለ ፈውሲ ክረክብ ሓያሎ ጊዜ ተመንዩ እዩ(2ነገ፡5፡1-18)፡ እንተ ብማይ እንተ ብዘይቲ እንተ ብጸብሪ ዋላ ካልእ ኣጸያፊ ነገር'ውን ይኹን። ነታ ፈውሲ፡ እራብ ንዓይኒ ማያት ከምእትናፍቕ ጌሩ ናፊቕዋ እዩ።

ሓንቲ፡ ምስ ጎይታ ፊት ንፊት ክገጥመላ ዝኽእል መዓልቲ ግን መጺአ። ኣብቲ ተፈልዩን ተነጺሉን ዝነብረሉ ዝነበረ ቦታ ኮይኑ ብዛዕባ ጐይታ መን ከምዝነገሮ ንምፍላጥ ኣዝዩ ኣጸጋሚ እዩ። ገለ ዶኾን፡ ካብቶም ዝኣመኑ ሰባት ነጊሮምዎ ይኾኑ። ወይስ ቤተሰቡ "ሕጂ እያ ዕድል ዘላትካ" ኢሎም ደፋፊኦሞ ይኾኑ፡ እዚ ኢልካ ክትግምቶ ዘይትኽእል ከቢድ እዩ። እቲ ኣገዳሲ ሕቶ ግን ካብ ኣፍ መን ከምዝሰምዐ ዘይኮነስ ብዛዕባ መን ከምዝሰምዐ እዩ። ምኽንያቱ ንሱ እዩ እቲ ለውጢ ዘምጽእ። ብመሰረቱ ብዛዕባ ጐይታ ንምስማዕ ኣጸጋሚ ኣይነበረን። ወሪኡ ክሳብ ውሻጠታት ቤተመንግስቲ፡ ክሳብ ቤት ማእሰርቲ፡ ዶብ ሰጊሩ ክሳብ ጎረባብቲ ሃገራት በጺሑ እዩ። ክሸድንዎ እንተበሉ ዝቕላዕ፡ ክእክብዎ እንተበሉ ዝዝርጋሕ ህይወት ስለዝነበሮ፡ ብዛዕባኡ ምስማዕ ኣጸጋሚ ኣይኮነን። ይትረፍ ካልኦት ክሓብእዎስ ንሱ ባዕሉ እኳ ክሕባእ ደልዩስ ኣይኮነሉን።

ብዝኾነ ግን እቲ ለምጻም ሰብ ንጎይታ ምስ ረኸቦ ብብርኩ ተምበርኪኹ ብገጹ ተደፍአ። ከምዚ ዝበለ ፍጹም ስግደት ምሃቡ፡ ጉዳዩ ንኸስልጥ ኢሉ ዝገበሮ እዩ ኢልካ ክትሓስብ ዝድርኽ ኣይኮነን። ብዛዕባ መንነት ጎይታ ኣስተውዒሉ ዝሃቦ ናይ ኣምልኾ ስግደት ምዃኑ እንፈልጠ ካብቲ ኣስዒቡ ዝተዛረቦ ቃላት እዩ። ክርስቶስ ኩሉ ፍጥረት ክምብርከኽሉን ክሰግደሉን ዝግባእ ጎይታ ምዃኑ ከይፈለጠ ከምዚ ዝዓይነቱ ስግደት ክሰግድ ኣይምኸኣለን (ፊሊ፡2፡9-11፣ ማቴ፡2፡11,14፣ ሉቃ፡24፡52፣ ሉቃ፡24፡52፣ እብ፡1፡6፣ ራእ፡5፡8)። እዚ ለምጻም ሰብ "ርኹስ እየ" ኢሉ ርኽሰቱ እናኣወጀ ካብ ሰብ እናረሓቐ እኳ ይነብር እንተነበረ፡ ሕጂ ግን ንርኽሰቱ መወዳእታ ክገብረሉ ዝኽእል ሰብ ረኸበ። ከምቶም ካልኦት ፈሪሳውያን፡ ርኽሰትን ካልእ ሰብ ክለግቦም ዝስከፉ ከምኡም ዘይስከፍ ሰብ እዩ ረኺቡ። ዘይስከፍ ሰብ እዩ ረኺቡ። ብኣንጻሩ ነቲ ናቱ ንጽህና ነቶም ዝረኸሱ ሂቡ ነቲ ናቶም ርኽሰት ክጾሮ ዘፍቅድ ፍቕሪ ዝለበሰ ሰብ እዩ ኣጋጢምዎ። ስለዚ ከኣ እዩ ኣብ እግሩ ተጸጊዑ ክሰግደሉ ትብዓት ዝረኸበ።



"እንተትፈቱስ ከተንጽሃኒ ትኽእል ኢኻ" ዝብል ዘደንቕ ቃሉ፣ ካብ ኣፉ ምስ ወጸ፣ ንልቢ ብዙሓት ሰባት ብዙሕ ዝዓይነቱ ስምዒት ከምዝፈጥረሎም ዘይከሓድ እዩ። "ገሊኦም እንታይ እንተትፈቱ እንተትጸልእ ኣበሎ፡ በኛኻ ግበረለይ ኢሉ ግዳ ኣጥቢቑ ዘይልምን" ዝብሉ ክህልው እዮም። ገለ ካብቶም ጸሎት ብብዝሒ ቃላት ዝስማዕ ዝመስሎም ከኣ፣ ከምዝን ከምዝን ኢሉ ግዳ ነቲ ልመንኡ ዘየስፍሓ ክብሉ እዮም። እቶም ብኽእለቱ ዝጠራጠሩ ድማ፣ ካብ እንተትፈቱስ፣ ትኽእል እንተኼንካ ግዳ ዘይብል ምባሎም ዘይተርፍ እዩ። እቲ ሰብኣይ ግን በዚ ናይዞም ሰባት ኣበሃህላ ዘይግመት ርድኢት ኣለዎ። ንሱ ነቲ ናይ ክእለት ሕቶ ሓሊፉስ ኣብ ናይ ፍታው/ፍቓድ ደረጃ እዩ በጺሑ። ጎይታ ኢየሱስ ከኣል-ኩሉ ምኻኑ ኣቕዲሙ ፈሊጥዎ እዩ። ንክርስቶስ እንተክገብር እንተዘይክገብር ፍታው ደኣ እምበር ዓቕሙ ከምዘይድርቶ ኣስተውዒልዎ እዩ። ጎይታ ከይፈተወሉ ስቕ እንተዝብል እኳ ብዛዕባ ክእለት ናይ ጎይታ ዝጠራጠር ሰብ ኣይኮነን። እዚ ናይ ክእለት ሕቶ ንብዙሓት የሸግሮም እምበር ንእኡ ግን ሽግሩ ኣይነበረን።

መብዛሕትና ደቂ ሰባት ነቲ ፍታው ኣምላኽን ክእለት ኣምላኽን ሓዋዊስና ኢና እንርእዮ። ነቲ ዝደለናዮ ነገር ኣምላኽ ከይሃበና እንተተረፈ ብዛዕባ ናይ እግዚኣብሄር ዓቕሚ ኢና እንጠራጠር እምበር ስለዘይፈተወ እዩ ኢልና እንሓስበሉ ጊዜ ውሑድ እዩ። ብመሪር ጸሎት ኣምላኽ ዘይፈትዎ ነገር ክገብረሎም ዘገደድዎ ሰባት፣ በቲ ዝበሃግዎ መልሲ ጸሎት ተጎዲኦም እዮም። ስለዚ ከኣ እዩ ዳዊት "ዝለመንዎ ሃቦም ንነፍሶም ግና ዕብራን ለኣኸሎም" ዝበለ (መዝ፡106፡ 15)።

> ንክርስቶስ እንተክገብር እንተዘይክገብር ፍታው ደኣ እምበር ዓቕሙ ከምዘይድርቶ ኣስተውዒልዎ እዩ።

ጎይታ ነዚ ልቢ ዝትንክፍ ኩነታትን ጸሎትን ምስ ረአየ ልቡ ብድንጋጸ መልአ። ድንጋጸ ዝጎደሎ መዓልቲ እኳ እንተዘይነበረ፣ ኩነታትን ርድኢትን ጸሎትን ናይቲ ለምጻም ብርኡይ ፍጥነት ድንጋጸ ክገልጽ ደሪኽዎ እዩ (ማቴ፡9፡36፣ ማቴ፡14፡14፣ ማቴ፡15፡32፣ ሉቃ፡7፡13፣ ዮሃ፡11፡35፣ እብ፡2፡17፣ እብ፡4፡14,15) ብድሕርዚ

ኑትን ናይ ምሕረት ኣእዳው ዘርጊሑ "ፈትየ ኣለኹ" ብምባል ኑቲ ሰብ ዝጽየፎ ኣካሉ ዳህሰሰሉ። ካብ ቃላቱ ኣእዳው፡ ካብ ኣእዳው ከኣ ቃላቱ ዝበዝሐ ሓይሊ ነይሩ። እቲ ዝገበሮ ኩሉ ካብ ንሓድሕዱ ዘይንእስ ሓይሊ ዝሀብ ነበረ።

ከም ቅጽበት ዓይኒ ድማ እቲ ኣዝዩ ጽዩፍ ዝነበረ ቆርበቱ ተሓደሰ። ሓድሽ ዝበሃግ ቆርበት ረኸበ። ሓይሊ ካብ ጐይታ ናብኡ ውሒዙ ነቲ ናይ ዓመታት ርኽሰት ኣኽተመሉ። እተን "ፈትየ ኣለኹ" ዝብላ ቃላት ጎይታ ነቲ "ርኹስ እየ" ዝብላ ቃላት ናይቲ ለምጻም ብሓይሊ ደፊአን መደምደምታ ገበራለን። ሎሚ ምስ ሰብ ክለግብ ዝኽእል ሰብ ኮይኑ ከም ብሓድሽ እዩ ተፈጢሩ። ሽው ወዲ ክንደይ ዓመት ከምዝነበረ እኳ እንተዘይፈለጥናዮ ልቡ ካብታ ዕለት እቲኣ ንዓሓር ሓደ ኢሉ ከምዝቖጸረ ዘጠራጥር ኣይኮነን። ጎይታ ምስ ፈተወ እንታይ ዘይፍጽሞ ነገር ኣሎ። ጎይታ ዘይፈትዎ ደኣ እምበር ዘይክእሎ ነገር የሎን። እዚ ለምጻም ኣየጻበበሉን። ጎይታ ከምዝፈትወሉ ንምግባር ኣብ ልዕሊ ጎይታ ተጽዕኖ ኣይገበረን። ኣብቲ ጸሎቱ ንናይ ጎይታ ዘይምፍታው እውን ስፍራ ሓዲጉሉ እዩ። ጎይታ ከይፈተወሉ እንተዝተርፍውን፡ ነቲ ዘይምፍታው ክቕበል ኣይምተጸገመን። ከምቶም ሰለስተ ኣዕሩኽ ዳንኤል፡ ጎይታ ነቲ ናይ ምፍታው ወይ ዘይምፍታው መሰሉ ብዘይስክፍታ ክጥቀመሉ ኣኽኢልዎ እዩ (ዳን፡3፡17,18)።

ጎይታ ነዚ ለምጺ እዚ ብምፍዋሱ፡ ስጋዊ ቁስሊ ጥራይ ዘይኮነስ ማሕበራውን መንፈሳውን ቁስሊ'ውን ፈዊሱ እዩ። ነዚ ማሕበራዊ ኮነ መንፈሳዊ ቁስሊ ክፈትሕ ድማ ናብቶም ኣብ መንበር ሙሴ ተቐሚጦም ዘለው ካህናት ለኣኾ። ንሳቶም ዘይኣመኑሉ ከስተማቕር ስለዘየኽእሎ፡ ናብኣቶም ክይዱ ነቲ ብሙሴ ዝተሓገገ ሕጊ ክትግብሮ ናይ ግድን እዩ። ክርስቶስ ከም ናይ ኣሮን ዘይኮነስ ከም ናይ መልከጼዴቅ ዝበለ ሊቀ ክህነት ዘለዎ ክነሱ ናብቶም ፈሪሳውያን ካህናት ዝልእኮ ንምንታይ እዩ፡ ዝብል ሕቶ ደኾን ፈጢሩልና ይኸውን፡ ከምቲ ጎይታ ባዕሉ ዝበሎ ንሱ ንሕግን ንነብያትን ክፍጽሞም እምበር ክስዕሮም ኣይመጸን (ማቴ፡5፡17፣ ማቴ፡3፡15)። ጎይታ ኣዝዩ ዓብይ ዝኾነ ምሕረት ድሕሪ ምሃቡ፡ ኣስዒቡ ድማ ሓደ ኣዝዩ ዓብይ ትእዛዝ ኣዘዞ።

ንሓደ ሰብ እኳ ብዛዕባ ዝተገብረሉ ነገር ከይዛረብ ኣሕሚሙ ወይ ኣብርቲዑ ኣጠንቀቖ። "ካብዛ ለምጸይ እንተኣሕወየንስ ኣብ ኩላ ሃገር ፈዋስነተ፡ ክእውጆሉ እየ" ኢሉ ኣብ ልቡ መብጽዓ ኣትዩ ነይሩ ይኸውን። እዚ ትእዛዝ እዚ ሕጂ ክንደይ ኮን ይኸብዶ ይኸውን፡ ዋላ ከምኡ ዝብል መብጽዓ እንተዘይሀልዎ'ውን፡ ክንድዚ ዝኣክል ክኸውን ዘይክእል ምሕረት ረኺቡስ ከመይ ገይሩ ከይተዛረበ ስቕ ክብል ይኽእል። "ከመይ ኢልካ ነጺህካ፡" ኢሉ ንዝሓተቶኽ እንታይ ኢሉ ክምልሰሉ እዩ፡ ክሕባእ እኳ ከይፍትን ፈውሲ ንበይኑ ክሎ ዘይኮነስ ኣብ ቅድሚ

እኩብ ህዝቢ እዩ ተፈጺሙ። ነዚ ሰብ እዚ እዛ ትእዛዝ እዚያ ከምእትጨንቆ ግሁድ እዩ። ገመል ሰረቐካስ ተሓቢእካ ከም ምኻድ ኮይንዎ ኣሎ። እቲ ንሰብ ኣእምሮ ዝሃበ ጎይታ ግን ነዚ ዘንጊዑ ትእዛዝ ከምዘይሃበ ኣይንስሕቶን ኢና። እቲ ምንጸህካ ዝፈተወ ጎይታ፡ ስቕታኻ እንተፈተወ እንታይ ነውሪዶ ገይሩ እዩ፡ ፍታው እንተደሊና፡ "ሰብኣይን ደሊኽን ጭሕምን ጸሊእክን" ዝዓይነቱ ኣቀራርባ ክንቀርቦ ኣይንኽእልን ኢና። ከምቲ ፍታውና ዝፈተወልና፡ ፍታው ክንፈትወሉ ናይ ግድን እዩ። ከምቲ ኣብ ቀርበትና፡ ኣብ ኣፍና'ውን ስልጣን ክህልዎ ክንፈቅድ ኣሎና። ጎይታ እዚ ዝዓይነቱ ትእዛዝ ዝሃበ ምስክርነት ጸሊኡ ኣይኮነን። እቲ ሰብ ስቕ ክብል ዝደለየሉ ናይ ገዛእ ርእሱ ዝኾነ ምኽንያት ኣለዎ። ንሕና ነቲ ከምኡ ዝበለሉ ምኽንያት ክንፈልጥ ዘይምኽኣልና ግን ነቲ ትእዛዙ ዘይፍትሓዊ ኣይገብሮን እዩ። ጎይታ ካብታ ምስክርነት እቲኣ ዘይረብሕ እንተኾይኑ ብግዲ ክንምስክር የብልናን።

ሓድሓደ ጊዜ ስቕታ ካብ ቃላት ንላዕሊ ዘስምዓሉ እዋን ኣሎ። ጎይታ እኳ ባዕሉ ብስቕታ እዩ ንክሰስቱ፡ ሓንቲ በደል ኣይረኸብናሉን ክሳዕ ዝብሉ ዝረትዖም። ስለዚ ጎይታ ስቕታ ዝመረጸ፡ ነቲ ሓቂ እቲ ክገልጸሉ ዝደለየ ናይ ገዛእ ርእሱ መንገዲ ስለዘለዎ እዩ። እቲ ሰብኣይ ብዝረኸቦ ፈውሲ፡ ነታ ጎይታ "ኣይትንገር" ኢሉ ዝኣዘዞ ትእዛዝ ብምፍራሱ ግን፡ ምስ ጎይታ ዝህልዎ ሕብረት ብስክፍታ ዝተመልአ ከምዝኾውን ግሁድ እዩ። ብመጠን ኣበርቲዑ ዘጠንቀቖ፡ ብመጠኑ ከኣ ኣዝዩ ዘውሪ እንተኾይኑ፡ ጎይታ ዘይፈተወሉ ዘይነጽህ ናይ ውሽጢ ነገር ኣሎ ማለት እዩ። ጎይታ ከምዚ ዝበሉ ትእዛዛት ክህብ ንመጀመርይኡ ኣይኮነን (ማቴ፡9፡30፣ ማቴ፡12፡10፣ ማር፡5፡43፣ ማር፡7፡36፣ ማር፡8፡30፣ ማቴ፡16፡20፣ ማቴ፡17፡9፣ ማር፡9፡9፣ ሉቃ፡4፡41፣ ሉቃ፡9፡21)። እንተኾነ ትእዛዙ ዘኽበረሉ ሰብ ኣይተረኽበን።

ንሕናኸ ብመንጽር እዚ ትእዛዝ እዚ እንተንፍትሸ ከመይ ኮን ንህሉ፡ ነቲ ዘድልየና ጉዳይ ዝምልከት ፍቓድ ኣምላኽ ጥራይ ዲና እንሓትት፡ ወይስ ጎይታ ብዛዕባ ምስክርነትና ዝምልከት ዘለዎ ፍቓድ'ውን ንሓትት ኢና። ፍቓድ ኣምላኽ ዘይምልከቶ ክፋል ናይ ህይወትና የለን። ስለዚ ብዝተገብረልና መጠን ናብ መድረኽ ወጺእና ወይ ኣብ ዝኾነ ቦታ ኬንና ቅድሚ ምምስካርና፡ ብዛዕባ እቲ ምስክርነት ጎይታ ዘለዎ ፍቓድ ምሕታት ኣድላዩ እዩ። ዘሓጉስ ዝመስል ግናኸ ዘጉሂ ስጉምቲ ምእንቲ ከይኮነና ንጠንቀቕ።

**ንሕናኸ ብመንጽር እዚ ትእዛዝ እዚ እንተንፍትሸ ከመይ ኮን ንህሉ፡**

# ህይወት ዘፍረየ ሞት

## ካልኣይ ክፋል

ኣብ ዝሓለፈ፡ ሕታምና፡ ክብደት ናይ ሞት ክርስቶስ ማዕረ ክንደይ ከምዝኾነ፡ ብዛዕባ ሞቱ፡ ኣቐዲሙ ዝተነግረ ትንቢት ከምዝነበረ፡ ኣገባብ ኣማውትኡ ከመይ ከምዝነበረ፡ ምኽንያት ሞቱ፡ ድማ ፍቕርን ፍትሕን ናይ ኣምላኽ ምዃኑ ኣስፊሕና ርኢና ምንባርና ዝዝከር እዩ። ሞት ክርስቶስ ንዓለም ዘበዝሓ እኳ እንተ ኾነ፡ ኣብቲ ኣበሳ ዘበዝሖ ኣብኡ ጸጋ ኣዝዩ ክዓዝዝ፡ መለኮታዊ ሕጊ ብምዃኑ፡ ክርስቶስ ስሌና ክመውት ናይ ግድን ኣድላዪ እዩ።

> **ክርስቶስሲ ሞይቱ፣ ንዓይ ዘለዎ ትርጉም እንታይ እዩ፡ ኢላ ነፍስና እንተዘይሓቲታ፣ ንሞት ክርስቶስ ከም ሓደ ዘሕዝን ፍጻሜ (ትራጀዲ) ጥራይ እያ ክትፈልጦ።**

እቲ ሳልሳይ (ሐ) ምኽንያት ናይ ሞት ክርስቶስ ድማ ኣዝዩ ዝዓሞቐ እዩ። ክርስቶስ ምእንታና ከምዚ ዝዓይነቱ፡ መሪር ሞት ክመውት ዝመረጸ ሞት እንታይ ከምዝጥዕም ንኽስተማቕር ኣይነበረን። ንሱ ሞትና ዝሞተ፡ ንሕና ነታ ናቱ፡ ህይወት ምእንቲ ክንነብራ እዩ። ንሱ ሞትና ሞይቱ፡ ክትንስእን ንሰይጣንን፡ ንሓይሊ ሓጢኣትን፡ ንብልሒ ሞትን ንዓወት ሲኦልን ክሰዕርን ከምክንን ክኢላ እዩ (1ቆረ፡15) እቲ ሰይጣን ንሰባት ዝወግኣሉን ዝገዝኣሉን ኣጽዋሩ ሓጢኣትን ዓስቢ ሓጢኣት ዝኾነ ሞትን እዩ። ክርስቶስ ድማ ብሞቱን ትንሳኤኡን

ናይቶም ሕልቅነታትን ስልጣናትን ኣጽዋር ገፊፉ ብግልጺ ኣስተሓፊርዎም እዩ (ቈሎ፡2፡15)። ስለዚ ከኣ እዩ "መን እዩ ካባኻትኩም ብሓጢኣት ዝረትዓኒ፧" እናበለ ዘስተሓፍሮም ዝነበረ (ዮሃ፡8፡46)። ንሳቶም'ውን ሓጢኣት ከምዘይረኸቡሉ ብግልጺ ይእመኑ ነበሩ።

> ንሱ ሞትና ዝሞተ፡ ንሕና ነታ ናቱ ህይወት ምእንቲ ክንነብራ እዩ።

ስለዚ ኀይታ ሞትና ብምሟት ኣብ ልዕሊ ሰይጣን ክዕወት ስለዝኸእል ንሞትና ሞይትዎ። ንሕና ግን ከምኡ ክንገብር ኣይከኣለናን'ዩ። ንሕና ንሰይጣን ከነስተሓፍሮን ክንዕወተሉን እንኽእል፡ ናይቲ ሞትና ዝሞተ ክርስቶስ ህይወት ምስ እንነብራ ጥራሕ እዩ። ሃዋርያ ጳውሎስ ንህይወት ክርስቶስ ይነብራ ስለዝነበረ እዩ ሓለፋ ዝኾነ ቅዱስ ሰብ ዕውት ህይወት ዘሕለፈ። ብዛዕባ'ዚ ባዕሉ ክገልጽ ከሎ "ግናኸ ክርስቶስ እዩ ኣባይ ዝነብር ዘሎ እምበር ኣነ ኣይኮንኩን ዝነብር ዘለኹ። እዚ ሕጂ ብስጋ ዝነብሮ ዘለኹ ድማ ብእምነት በቲ ዘፍቀረኒ ምእንታይ'ውን ነፍሱ ዘሕለፈለይ ወዲ ኣምላኽ እየ ዝነብር ዘለኹ" ኢሉ ጸሓፈ (ገላ፡2፡20፣ ሮሜ፡14፡8) ሃዋርያት ኣብ ምስፋሕ መንግስቲ ኣምላኽ ዕውታት ክኾኑ ዝኸኣሉ ናይቲ ዝሞተሎም ናይ ክርስቶስ ህይወት ኣብዛ ምድሪ ስለዝነበርዋ እዩ። ከምኡ ስለዝኾነ ድማ እዩ ኀይታ ነቲ መሳደዲ ሳውል፡ ንምንታይ ትሰጎም ኣለኻ ዘይኮነስ፡ "ንምንታይ ትሰጎኒ ኣለኻ" ኢሉ ዘጠንቀቖ (ግብ፡9፡4)። እምበኣርስኸ፡ ከምታ ንሱ ንሞትና ዝሞተልና ንሕና ድማ ነታ ህይወቱ ኣብ ምድሪ እንተዘይነቢርናያ፡ ነቲ መዘና ዘይብሉ ሞቱ ከንቱ ንገብሮ ኣለና ማለት እዩ። ኣብ ህይወትና ዘላገጽናዮ ከይኣኽለና፡ ብህይወት ክርስቶስ እንተላጊጽና ድማ ዓስቡ እንታይ ምዄኑ ንኹላትና ግሁድ እዩ። ኣብ ኢድ እቲ ኩሉ ዝኽእል ምውዳቕ ዘሰክሕ እዩ (እብ፡10፡31፣ እብ፡2፡1-4፣ እብ፡12፡25-29)።

## ትርጉም ሞቱ

እቲ ኣስዒብና ክንሓስቦ ዝግብኣና ነጥቢ፡ ሞት ክርስቶስ ንወዲ ኣዳም ዝህቦ ትርጉም እዩ። ክርስቶስሲ ሞይቱ፡ ንዓይ ዘለዎ ትርጉም እንታይ እዩ፧ ኢላ ነፍስና እንተዘይሓተተታ፡ ንሞት ክርስቶስ ከም

ሓደ ዘሕዝን ፍጻሜ (ትራጀዲ) ጥራይ እያ ክትፈልጦ። ሰብ ኤማሁስ ነዚ ሓቂ እዚ ከስተውዕሉ ስለዘይከአሉ፡ ንልቦም ጓሂ ከቢድዎ፡ ንክርስቶስ ከም ሓደ ብዘይተሓሰበ ሓደጋ ዝተኸልፈ ዓብይ ናይ ታሪኽ ሰብ ጌሮም የዘንትዉሉ ነበሩ (ሉቃ፡24 ፡13-24)። ብድሕሪኡ ጐይታ ባዕሉ ካብ ሙሴን ኩሎም ነብያትን ጀሚሩ ናይ ኩሎም ጽሑፍ እናጠቐሰ ብዛዕባ ናይ ሞቱ ትርጉም ክገልጸሎም ተራእዩ (ሉቃ፡24፡ 25-27)

## ሀ. መተዓረቒ

ክርስቶስ ብምኽንያት ሞቱ መተዓረቒ ኮይኑልና እዩ። ከምቲ ኣብ ኢሳ፡59፡2-4 "...ንኣኻትኩምን ንኣምላኽኩምን ኣብ መንጎኹም ኮይኑ ዝፈላለየኩምሲ ኣበሳኹም እዩ፡ ከይሰምዓኩም ከኣ፡ ኣብ ቅድሚኹም ገጹ ዘሓብኣልኩም ሓጢኣትኩም እዩ። ብጽድቂ ዝጠርዕ ሓደ እኳ የልቦን። ብሓቂ ዝምጉት ሓደ እኳ የልቦን ኣብ ከንቱነት ይውከሉ። ሓሶት ከኣ ይዛረቡ፡ እከይ ይጠንሱ፡ ሓጢኣት'ውን ይወልዱ ኣለው" ከምዝበለ፡ ሓጢኣት ንኣምላኽን ንሰብን ዝፈላለየን ዘበኣሰን ስራሕ እዩ። እቲ ጻድቕ ኣምላኽ፡ ንሓጢኣት ርእዩ ክጽመዎ ኣይክእልን እዩ። ንበዓሊ ሰብ ድማ ከም ንጹህ ክርእዮ ኣይኮነሉን እዩ (ዘጸ፡34)።




ሰብ ድማ ካብ ርእሱ ሰናይ ክገብር ከምዘይክእል ቃሉ የረጋግጸልና። ዝኾነ ይኹን ሰብ ንሓጢኣት ስለዝተሓሰሞ ጥራይ ካብ ምግባሩ ዓዲ ክውዕል ኣይክእልን እዩ። ነቲ ዝገበሮ ሓጢኣት ሓንሳእን ንሓዋሩን ምሕረት ንኽረክብ ድማ እቲ ናቱ ንስሓ ምእታውን፡ መስዋእቲ ሕሩድ ክፍጽም ምኽኣሉን ኣኻሊ ኣይኮነን። እምብኣር ነቲ ናይ ኣምላኽ ፍትሓውነት ዘዕግብ መስዋእቲ ክኸፈል እንተዘይክኢሉ ሰብን ኣምላኽን ንዘልኣለም ዕርቂ ክገብሩ ፍጹም ኣይሕሰብን እዩ።

እቶም ቅድሚ ሕጂ ከም መተዓረቕቲ ኮይኖም ዘገልግሉ ዝነበሩ ሰባት ኩኑ እንስሳታት ነቲ ዕርቂ ዘድልዮ ሰብ ይኹን ንአምላኽ ብምልኣት ክውክሉ ስለዘይክእሉ፡ አገልግሎቶም ጎደሎን ንቑፍን እዩ ነይሩ። እቲ ሊቀ ካህናት ናይ ገዛእ ርእሱ ሓጢኣት ስለዘለዎ ፍጹም መተዓረቒ ንምኳን ብቑዕ ኣይኮነን። ምኽንያቱ ንርእሱ ዝዓርቆ ካልእ መስዋእቲ ስለዘድልዮ እዩ። ደም እቶም ምእንቲ ሰብ ዝስውኡ እንስሳታትውን ካብ ምጽራይ ስጋ ሓሊፉ ካልእ ዝህቦ አገልግሎት የብሉን። ምኽንያቱ ዝኾነ ይኹን ኣካል ብዝዓብዩ ደኣ እምበር ብዝንእሶ ኣካል ክዕረቕ ኣይክእልን እዩ (እብ፡9፡14)። ስለዚ ከኣ እዩ ኢየሱስ ክርስቶስ፡ ወዲ ኣምላኽን ወዲ ሰብን ኮይኑ፡ ነቲ ዝኾነ ይኹን ካልእ ኣካል ክፍጽሞ ዘይክእል ዕርቂ ክፍጽመልና ዝመጸ። ክርስቶስ ፍጹም ኣምላኽን ወዲ ኣምላኽን እዩ። ስለዚ ንእግዚኣብሄር ኣቦ ብመለኮቱ ስለዘይንእሶ፡ ንኣቦ ምስ ሰብ ክዓርቆ ብቑዕ እዩ። ከምኡ'ውን ክርስቶስ ብዘይካ ብሓጢኣት ብኹለንተናኡ ፍጹም ሰብ ስለዝኾነ ንሰብ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ክውክሎ ልዕሊ እቲ ዘድሊ ብቕዓት ኣለዎ።

ስለዚ ክርስቶስ ነቲ ካብ ሰብ ዝወሰዶ ፍጹም ስጋን ነቲ ንንዘቡ ዝኾነ ፍጹም መለኮትን ኣዋሂዱ መተዓረቒ ኣካል ንምኳን በቒዑ እዩ። ስለዚ ከኣ እዩ ሃዋርያ ጳውሎስ "ብእኡ ብደም መስቀሉ ገይሩ ሰላም ምስ ገበረ ከኣ፡ ነቲ ኣብ ምድሪ ዘሎን ኣብ ሰማያት ዘሎን ዘበለ ኩሉ ንርእሱ ተዓረቕዎ እዩ። ንኣኻትኩም፡ ቀደም ፍሉያት ብሓሳብኩምን ብኽፉእ ግብርኹምን ጸላእቲ ዝነበርኩም ከኣ፡... ሕጂ ብሰብነት ስጋኡ ብሞቱ ገይሩ ዓረቐኩም።" ዝበለ (ቈሎ፡1፡20-23)

ሞት ክርስቶስ ግን
ዕርቂ ምስ ኣምላኽ
ጥራይ ዘይኮነስ ኣብ
ንሓድሕድና'ውን
ዕርቂ ኣምጺኡልና
እዩ።

ሞት ክርስቶስ ግን ዕርቂ ምስ ኣምላኽ ጥራይ ዘይኮነስ ኣብ ንሓድሕድና'ውን ዕርቂ ኣምጺኡልና እዩ። ነቲ ኣብ መንጎ ሰባት ዝነበረ ናይ ዓሌት፡ ናይ ጾታ ኮነ ናይ መደብ ፍልልይ ኣጥፊኡ ናብ ፍሉይ ሓድነት ኣምጺኡና። እቲ ኣብ መንጎ ኣህዛብን ህዝብታትን ዝነበረ ምርሕሓቕ ኣጥፊኡ ንኽልቲኣም ብሓደ ስጋ ምስ ኣምላኽ ኣተዓረቐም። ስለዚ ድማ ጽርኣዊ ወይ

ኣይሁዳዊ ዝብል ፍልልይን ሌላን ጉሌላን ከምዘይሀሉ ገበረ (ሮሜ፥2፥9-11፣ ሮሜ፥1፥16)።

ሃዋርያ ጳውሎስ፥ ነቲ ኣብ መንጎ ኣህዛብን ህዝብታትን ዝገበሮ ዕርቂ ክገልጽ ከሎ ከምዚ ኢሉ ንሰብ ኤፌሶን ጽሒፍሎም "ስለዚ ከኣ ኣቱም ኣህዛብ ብስጋ፥ በታ ኢድ ኣብ ስጋ እትገብራ ግዝረት እትብሃል ቀደም ዘይግዝረት እቲ ብዘይ ክርስቶስ ከምዝነበርኩም፥ ካብ ሕብረት እስራኤል ፍሉያት፥ ነታ ኺዳን ተስፋውን ኣጋይሽ ትጽቢት ዜብሎም፥ ኣብዛ ዓለም እዚኣ ብዘይ ኣምላኽ ከም ዝነበርኩም፥ ዘክሩ ሕጂ ግና ኣቱም ቀደም ርሑቓት ዝነበርኩም፥ ንስኻትኩም ብክርስቶስ የሱስ ብደም ክርስቶስ ቀረብኩም። ንሱ ነዞም ክልተስ ሓደ ዝገበረ፥ ነቲ ኣብ መንጎ ዝነበረ ኸልካሊ ቐጽሪውን ዘፍረሰ፥ ሰላምና እዩ እሞ፥ ብርእሱ ዕርቂ እናገበረ፥ ካብዞም ክልተ ሓደ ሓድሽ ሰብ ምእንቲ ኺፈጥር፥ ነቲ ጽልኢ ንሱ ኸኣ ሕጊ ትእዛዝ ብስርዓት ብስጋኡ ስዒሩ ብመስቀሉውን ነቲ ጽልኢ ብእኡ ቐቲሉ፥ ንኽልቲኦም ብሓደ ስጋ ምስ ኣምላኽ ኣተዐረቐም። ንኽልቴና ብእኡ ብሓደ መንፈስ ናብ ኣቦ መእተዊ ስለ ዘሎና ከኣ፥ ንኣኻትኩም ርሑቓት ዝነበርኩም መጺኡ ሰላም ንኣኻትኩም፥ ነቶም ቀረባ ዝነበሩውን ሰላም ኣበሰሮም።" (ኤፌ፥2፥11-18)።

## ለ. ጠበቓ

ክርስቶስ በቲ ዝሞተልና ሞት ምኽንያት ጠበቓ ኮይኑልና እዩ። ሃዋርያ ጳውሎስ ነዚ ሓቂ እዚ "ኣቱም ደቀየ፥ ሓጢኣት ምእንቲ ኸይትገብሩ፥ እዚ እጽሕፈልኩም ኣሎኹ። ሓደ እኳ ሓጢኣት ዝገበረ እንተሎ፥ ጠበቓ ኣብ ኣቦ ኣሎና፥ ንሱ የሱስ ክርስቶስ፥ እቲ ጻድቕ፥ እዩ። ንሱ ድማ ብናይ ሓጢኣትና መተዓረቒ እዩ፥ ብናይ ሓጢኣትና ጥራይ ኣይኰነን" (1ዮሃ፥2፥1,2)። ብምባል ገሊጽዎ ኣሎ ጥብቅነቱ ግን ንሓጢኣት ዘይኮነስ ንሓጥኣን እዩ። ክርስቶስ ንሓጥኣን ክሳዕ ክንድዚ ክጣበቕ ዝፈተወ፥ ኣብ መንጎ ሓጢኣትን ሓጥእን ዘሎ ፍልልይ ኣነጺሩ ስለዝፈልጥ እዩ። ከምቲ ይሁዳ ኣብ መልእኽቱ "ንገሊኦም ካብ ሓቂ መንጢልኩም ኣናግፍዎም፥ ንገሊኦም ድማ ነቲ ብስጋ ዝረኸሰ ክዳን እኳ እናጸላእኩም፥ ብፍርሃት ደንግጹሎም" ዝበለና፥ ክርስቶስ ድማ ነቲ ዝለበስናዮ ሓጢኣት ኣዝዩ ዝጽየፍን ዝጸልእን ክነሱ፥ ንዓና ንሓጥኣን ይድንግጸልናን የፍቅረናን እዩ (ይሁ፥23)። ሃዋርያ ጳውሎስ ድማ ካብዚ ተበጊሱ እዩ "ደጊም ብዘይ ሓጢኣትሲ ብኹሉ ከምዚ ከማና ዝተፈተነ እዩ እምበር፥ ብድኻምና ክድንግጸልና ዘይክእል ሊቀ ካህናት የብልናን እሞ፥ ብሰማያት ዝሓለፈ ዓብዪ ሊቀካህናት፥ ኢየሱስ ወዲ ኣምላኽ ካብ ዝህልወና፥

ምማንና ነጽንዕ" ኢሉ ዝጸሓፈ. (እብ፡4፡14,15)

እቲ ጠበቓና ንምኻን ዘብቅዖ ዝዓበየ ረቓሒ፡ እቲ ካባና፡ ማለት ካብ ቅድስቲ ድንግል ማርያም ዝወሰዶ ስጋ እዩ። ብምኽንያት እቲ ካባና ዝወሰዶ ስጋ ካብ ካልኦት አካላት ስላሴ ምስ ደቂ አዳም ዝጠበቐ ዝምድና ዘለዎ እግዚአብሄር ወልድ ኢየሱስ ክርስቶስ እዩ። ዝኾነ ይኹን ምድራዊ ጠበቓ፡ አብ ክንዲ እቲ በዓል ነገር ኮይኑ ክምዝምጉት፡ ከምኡ ከአ ክርስቶስ አብ ክንዲ እቶም ብስሙ ዝአመንና ጠበቓ ነፍስና ክኸውን ዝተቐበልናዮ ሰባት ኮይኑ፡ በቲ ስሌና ዝኸፈሎ መስዋእቲ ይጣበቐልና። በቲ ዝገበርናዮ አበሳ ፍርዲ ከምዝተቐበሎ፡ በቲ ናቱ ጽድቂ ከም ዝጸደቕና ድማ አብ ክንዳና ይጣበቕ። ስለዚ ከአ ናይ እብራውያን ጸሓፊ ንጥብቅና ክርስቶስ ንኸብርህ፡ "ክርስቶስ ሕጂ አብ ቅድሚ አምላኽ ክረአየልና፡ ናብአ ናብታ ሰማይ ኣተወ እምበር፡ አብታ ምስሊ ሓቂ፡ አብታ ብኢድ እተገብረት መቕደስ አይኮነን ዝአተወ" ኢሉ ጽሒፉልና እዩ (እብ፡9፡24)

ክርስቶስ ጠበቓ ናይ አመንቲ ምኻኑ፡ ካብ ካልእ ዝኾነ ይኹን ዓይነት ጥብቅና አዝዩ ፍሉይ እዩ። አብ ምድሪ ሓደ ሰብ ክጣበቐልካ ዝኽእል፡ ነገራዊ ወይ ሞራላዊ ዋጋ ምስ ከፈልካ እዩ። ክርስቶስ ጠበቓና ዝኾነ ተኸፊሉ ዘይኮነስ ዋጋ ከፊሉ እዩ። እቲ ዋጋ ድማ ብወርቂ

**ክርስቶስ ጠበቓና ዝኾነ ተኸፊሉ ዘይኮነስ ዋጋ ከፊሉ እዩ።**

ይኹን ብብሩር ወይ ብህይወት ክምዘን ዘይክእል ዋጋ እዩ። "ካብቲ ካብ አቦታትኩም ዝተቐበልኩምዎ ከንቱ ንብረትኩም፡ ከም ብደም እቲ አበርን ርኽሰትን ዘይብሉ ገንሸል፡ ብኽቡር ደም ክርስቶስ እምበር፡ ብጠፋኢ ነገር፡ ብብሩር ወይስ ብወርቂ፡ ከም ዘይደሓንኩም፡ ትፈልጡ ኢኹም" (1ጴጥ፡1፡18,19)

ሐ. በጃ

ናይ ክርስቶስ በጃነት ቅዱሳት ጽሑፋት አረጋጊጾም ዝገልጽዎ ሓቂ እዩ። ጐይታ ባዕሉ እኳ "እቲ ሕያዋይ ጓሳ አነ እየ። እቲ ሓያዋይ ጓሳ ንህይወቱ በጃ አባጊዑ የሕልፉ" ኢሉ ገሊጹልና እዩ (ዮሃ፡10፡11)። "በጃ" ዝብል ቃል ክንዝክር ከሎና ገለ ሓደጋ ክምዝነበረ ክንርስዕ አይክአልን እዩ። ጐይታ ህይወቱ በጃ አባጊዑ ከሕልፉ ክምዝኾነ ምስ ገለጸ፡ ነቲን አባጊዕ ዝዛረፍን ፋሕ ዘብልን

ተኹላ ከምዝወጽእ ሓቢሩ እዩ (ዮሃ፡10፡12)። ክርስቶስ ካብቲ ከውሕጠና ዝደሊ ተኹላ ወይ ገበል ክብጀወና እዩ ኣብ መስቀል ዝተሰቕለ። እቲ ነዴና ሄዋን ዘስሓተ ናይ ጥንቲ ተመን እዩ ኣብ ሸኾንኡ ነኺሱ ከምዝስቀል ዝገበሮ። ክርስቶስ በጃና ሓሊፉ ንርእሲ ናይዚ ተመን እዚ ከምቲ ብትንቢት ዝተነግረሉ ገሩ እንተዘይጭፍልቕ ሎሚ ክድሕን ዝኽእል ሰብ ኣይምሃለወን። እቶም ብዝነዱ ኣትማን ዝተነኽሱ እስራኤላውያን፡ ኣዒንቶም ቛሕ ኣቢሎም ክርእይዎ ዝኽእሉ መስቀል እንተዘይነብሮም ክሓውዩ ኣይምኽእሉን (ዘሁ፡21፡8-9)። እዞም ዝስዕቡ ጥቕስታት ናይ ክርስቶስ በጃነት ዘብርሁልና እዮም (ኢሳ፡53፡5፣ 2ቈረ፡5፡21፣ ገላ፡3፡13፣ እብ፡2፡9፣ እብ፡9፡28፣ 1ጴጥ፡2፡24፣ 1ጴጥ፡ 3፡18

## መ. መድሓኒ

ናይ በጃነት ውጽኢት ምድሓን (ድሕነት) እዩ። ስለዚ ክርስቶስ ፍጹም ብዝኾነ ምብጃው ስለዝተበጀወና ዝተማልአ ድሕነት ንምርካብ በቒዕና። እቶም ቅድሚ ሕጂ ኣብ መንጎ ኣምላኽን ሰብን፡ ከም ማእከላይ ኮይኖም ዘገልግሉ ዝነበሩ ሰባት፡ ነቲ ዘገልግልዎ ህዝቢ ክብጀውሉ ዝኽእሉ ቅድስና ስለዘይነበሮም፡ ብመስዋእቲ እንስሳታት ኣገልግሎት ይህቡ ነበሩ። ክርስቶስ ግን ዝኾነት ትኹን ኣበር ዘይብሉ ቅዱስን ፍጹምን ስለዝነበረ ብገዛእ ርእሱ ክብጀወና ብቑዕ እዩ። ስለዚ እቲ ብበጃነቱ ክህበና ዝኽእል ምድሓን መዳርግቲ ዘይብሉ እዩ። ስለዚ ከኣ ክርስቶስ በቲ በጃ ዝኾነሉ ሞት ፍጹም መድሓኒ ኮይኑ። መድሓኒ ንምኳን እዩ ናብዛ ዓለም መጺኡ (ሉቃ፡2፡11፣ ሉቃ፡19፡10፣ ዮሃ፡3፡17፣ ግብ፡5፡31፣ ግብ፡13፡23፣ 1ጢሞ፡1፡15፣ 2ጢሞ፡1፡10፣ እብ፡7፡25፣ 1ዮሃ፡4፡14)።

**ክርስቶስ፡ ድርብ ማለት ምድራዊ ሰማያዊ ድሕነት እዩ ሂቡና።**

ኣብ ኣእምሮና ግን ካብ ምንታይ እየ ድሒነ ዝብል ሕቶ ክንሓትት ኣድላዪ እዩ። ክርስቶስ ድርብ ማለት ምድራውን ሰማያውን ድሕነት እዩ ሂቡና። ኣብ ምድሪ ብበደልናን ግብርናን ምውታት ካብ ምኳን ኣድሒኑ፡ ህይወት ጥራይ ዘይኮነስ ህይወት ምስ ትረፉ እዩ ሂቡና። ስለዚ ድማ ጥዑይ ማሕበራውን መንፈሳውን ህይወት ክንሕልፍ በቒዕና። ክርስቶስ ግን ጥዑይ ምድራዊ ህይወት ምእንቲ ክንረክብ ጥራይ ሞይቱ እንተዝኸውን ኣዚና እነደንግጽ ሰባት ምኾንና ኔርና። እቲ ክርስቶስ ዝሃበና ምድሓን ንምድሪ ኣሕሊፉስ ናብ ሰማያዊ

ህይወት ዘብቅዕ እዩ። ነዚ ሓቂ እዚ ጎይታ፡ ንሕቶ ጴጥሮስ ክምልስ ከሎ ግልጽ ኣቢሉ ኣብሪህዎ እዩ (ማቴ፡19፡28)።

## ረ. ማእከላይ

ክርስቶስ፡ ሰብን ኣምላኽን ዝተራኸብሉ ማእከላይ እዩ፡ ሃዋርያ ጳውሎስ ነዚ ሓቂ እዚ ኣርጊጹ ስለዝፈለጠ፡ ንጢሞቴዎስ "ኣምላኽ ሓደ በይኑ እዩ እሞ፡ እቲ ኣብ መንጎ ሰብን ኣምላኽን ዘሎ ማእከላይ'ውን፡ እቲ ሰብ፡ ክርስቶስ ኢየሱስ፡ ሓደ በይኑ እዩ"። ኢሉ ጸሓፈሉ (1ጢሞ፡2፡5)። ኣብ ምድሪ ከም ማእከላይ ኣካል ኮይኖም ዘገልግሉ ብዙሓት እኳ እንተነበሩ ከም ናይ ክርስቶስ ዝበለ ማእከልነት ዘለዎ ግን ኣይተረኸበን። ስለዚ ከኣ ኣብ፡ እብ፡8፡1-7 "...ሕጂ ግና ንሱ (ኢየሱስ) ማእከላይ፡ ኣብ እትሓይሽ ተስፋ እተሰረተ፡ ዝበልጽ ኪዳ'ውን ከምዝኾነ፡ ክሳዕ ክንድዚ ዝበለጸ ኣገልግሎት ረኸበ። ነቲ ቀዳማይ ኪዳን መንቀፊ እንተዘይህልዎ፡ ነቲ ካልኣይሲ ስፍራ ኣይምተደልዮን ነይሩ።" ዝብል ቃል ብብሩህ መንገዲ ተጻሒፉ ንረኽቦ። ክርስቶስ፡ ማእከላይ ሓድሽ ኪዳን ክኸውን ዘድለየሉ ቀንዲ ምኽንያት ድማ እቶም ጽውዓት ነታ ተስፋ ናይ ዘልኣለም ርስቲ ምእንቲ ክረኽብዋ ኢሉ እዩ (እብ፡9፡15)።

ነቶም ብስም ክርስቶስ ኣሚኖም፡ ኣብዛ መራር ዓለም ዝወረዶም መከራ ተዓጊሶም፡ ኣብ ተስፍኡ ንዝጸንዑ እብራውያን "ንስኻትኩም ግና ናብ ከረን ጽዮንን፡ ናብታ ከተማ ህያው ኣምላኽ ሰማያዊት ኢየሩሳሌም ናብቶም ኣእላፋት መላእኽትን ኢኹም ዝበጻሕኩም፡ ናብ ጉባኤ ኩሉ፡ ናብ ማሕበር እቶም ኣብ ሰማያት ተጻሒፎም ዘለው በዃራት፡ ናብ ኣምላኽ ፈራዲ ኩሉ፡ ናብ መናፍስቲ እቶም ፍጹማት ጻድቃንን፡ ናብ ኢየሱስ ማእከላይ ሓድሽ ኪዳንን፡ ናብቲ ካብ ደም ኣቤል ዝሓሸ ዝዛረብ ምንጻግ ደምን በጺሕኩም ኣለኹም።" ዝብል ተጻሒፉሎም እዩ።

ክርስቶስ ፍጹም ማእከላይ ኮይኑ ከገልግለና ዝኸኣለ፡ ካብ ስጋና ስጋ ወሲዱ ፍጹም ሰብ ስለዝኾነ፡ ብባህርዩ ድማ ኣምላኽ ወዲ ኣምላኽ ስለዝኾነ እዩ።

## ሰ. ዓዳጊ /ተሻያጢ

ክርስቶስ በቲ ኣብ መስቀል ሞቱ ዘፍሰሶ ደም ንብምልእታ ዓለም ንርእሱን ነቲ ዘለኣኾ ኣቦን ተሻይጡዋ እዩ። ንዓለም ክሻየጣ ከሎ ልዕሊ እቲ ዝግባእ ዋጋ ከምዝኸፈለላ፡ ሞት ክርስቶስ ንዓለም ኣዝዩ ዝበዝሓ ምዃኑ ቃል ቅዱስ መጽሓፍ የረጋግጸልና እዩ። ስለዚ ድማ

እዩ "ብዋጋ ተዓዲግኩም ኢኹም እሞ፣ ስጋኹም ቤተ መቕደስ እቲ ኣብኻትኩም ዘሎ፣ ካብ ኣምላኽ እተቐበልኩምዎ መንፈስ ቅዱስ ምዃኑ፣ ናይ ርእስኹም'ውን ከምዘይኮንኩምንዶ፣ ኣይትፈልጡን ኢኹም፣ ስለዚ ብስጋኹም ንኣምላኽ ኣኽብርዎ" ዝብለና። (1ቆረ፥6፥19-20)። ድሕሪ ሞት ንሓጢኣት ምኽንያት ዘይብልና ድማ ነቲ ብቅዱስ ደሙ ተሻዩጡ ዳግማይ ዘጥረዮ ሰብነት ባርያ ሓጢኣት ኮነ ባርያ ሰብ ክንገብሮ ስለዘይንኽእል እዩ (1ቆረ፥7፥23)። ካብ መርገም ንኽድሕነና ክብል፣ ሰባት ብገዛእ ሓጢኣቶም ርጉም ከምዝኾነ ክሳዕ ዝመስሎም፣ መርገም ኩላ ዓለም ኣብ ዝባኑ ጾሮ (ኢሳ፥53፥3-9)። ሃዋርያ ጳውሎስ ነዚ ክገልጽ ከሎ "ንሕና ነቲ ተስፋ መንፈስ ብእምነት ክንቅበሎ፣ እቲ በረኸት ኣብርሃም'ውን ብኢየሱስ ክርስቶስ ነህዛብ ምእንቲ ክኸውንሲ፣ ኣብ ዕንጸይቲ ዝስቀል ዘበለ ርጉም እዩ ተጻሒፉ ኣሎ እሞ፣ ክርስቶስ ምእንታና መርገም ኮይኑ፣ ካብ መርገም ሕጊ ተሻየጠና" ብምባል ኣብሪሁዎ ኣሎ (ገላ፥3፥ 13-14)። ክርስቶስ ንነፍሲወከፍ ከም ውልቀሰብ ጥራይ ዘይኮነስ፣ ንምልእቲ ቤተክርስቲያን/ማሕበር ከም ሓደ ኣካል'ውን ተሻዩጥዎ እዩ (መዝ፥74፥2፣ ግብ፥20፥28)።

ንጎይታ ኣብ ሰማያት ብመላእኽቲ፣ ኣብ ምድሪ ድማ በቶም ዝኣመንዎ ዝውደስሉን ዝቕደስሉን ምኽንያት፣ ነቶም ዝዓደጎም ብጠፉእን ሓላፍን ነገር ዘይኮነስ፡ ብቲ ዘልኣለማውን ተበጻውን ናይ ሓድሽ ኪዳን ደሙ ጌሩ ስለዝተሻየጦም እዩ (1ጴጥ፥1፥18,19)። ክርስቶስ ንሞት ብትንሳኤ ስዒሩ፣ ነቲ ዘይፍታሕ ሸውዓተ ማሕተም ንምፍታሕ ምስ በቕዐ፣ ሰራዊት ሰማይ ከምዚ እናበሉ ብዘደንቕ ዜማ ከምዘኽበርዎ ምስማዕ ክንደይ ደስ ዘብል እዩ!! "ንሳቶም ከኣ፣ ተሓሪድካስ ብደምካ ካብ ብዘሎ ዓሌታትን ቋንቋታትን፣ ህዝብን ኣህዛብን ንኣምላኽና ዝኾኑ መንግስትን ካህናትን ጌርካዮም፣ ኣብ ምድሪ ድማ ክነግሱ እዮም እሞ፣ ንስኻ ነቲ መጽሓፍ ክትወስዶ፣ ነቲ ማሕተምውን ክትፈትሖ ብቑዕ ኢኻ" እናበሉ ሓድሽ መዝሙር ዘመሩ (ራእ፥5፥9,10)

ኣብ ምድሪ እቲ ኣዝዩ ዘሓጉስ መንነትካ ዝገልጽን ሓቂ፣ መን ምዃንካ ዘይኮነስ ናይ መን ምዃንካ እዩ። ስለዚ ከኣ እዩ እግዚኣብሄር ነቲ 'ኣነ መን እየ' ዝብል ሕቶ ናይ ሙሴ 'ኣነ ምሳኻ እየ' ዝብል መልሲ ዝሃበ።

ክቡር ኣንባቢ ሞት ክርስቶስ ከምዚ ዝበለ ትርጉም ደኾን ሂቡካ ይኸውን፧

***እግዚኣብሄር ኣዎንታዊ መልሲ ክትህበሉ ይደግፍኻ!!!***

# ሞት፡ ዓስቢ ሓጢኣት

መጽሓፍ ቅዱስና ከምዝገልጾ፡ ነቲ ዘለኻዮ ዘመንን ወለዶን ምፍላጥ ዓብይ ምስትውዓል እዩ። ትእምርቲ (ምልክት) ናይቲ ዘለኻዮ ዘመን ክትፈልን ነቲ ዘለኻዮ ዘመን ኣነጺርካ ምስትፈልጥ፡ ኣብ ገዛእ ርእስኻ ኮነ ኣብቲ ዘለኻዮ ሕብረተሰብ ክትፍጽሞ ዝግብኣካ ግደ ንምፍላጥን ንምትግባሩን ኣዝዩ ሓጋዚ እዩ። ጐይታናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ኩሉ ጊዜ ነቲ ዝነብረሉ ዘሎ ዘመንን ወለዶን "ነዚ ወለዶ እዚ ብምንታይ ክምስሎ እየ"፡ እናበለ ኣገዳሲ ዝኾነ ሕቶ ይሓትት። እዚ ንጹር ሕቶ እዚ፡ቅኑዕ ዝኣንፈቱ እዩ እሞ፡ ናብ ቅኑዕ መደምደምታ'ውን ይበጽሕ ነበረ። "ክፉእን ዘማውን ወለዶ" ወይ'ውን "ቈናን ወለዶ" ዝብል መግለጺ ብተደጋጋሚ ነቲ ዝነብረሉ ዝነበረ ወለዶ ዝወሃብ ዝነበረ መግለጺታት እዩ። (ግብ፡2፡40፣ ማቴ፡16፡4)።

ኣስዒብና ካልእ ኣድላዪ ሕቶ ክንርኢ ኢና። ንሱ ኸኣ "ንሓደ ወለዶ ወይ ከኣ ዘመን እንመዝነሉ መምዘኒ እንታይ እዩ፡" ዝብል እዩ ዝኸውን። ካብቲ ኣብቲ ወለዶ ዝርአ ባህርያት ተበጊስካ ከም ዝምዘን እንስሕቶ ሓቂ ኣይኮነን። ክፉእ ወይ ከኣ ሰናይ ከምኡ'ውን ቈናን ወይ ቅኑዕ ምዃኑ

ክፉእ ወይ ከኣ ሰናይ ከምኡ'ውን ቈናን ወይ ቅኑዕ ምዃኑ በቲ ዘለዎ ባህርይ ጥራይ እዩ ክምዘን ዝከኣል።

በቲ ዘለዎ ባህርይ ጥራይ እዩ ክምዘን ዝከኣል። ጐይታና ኢየሱስ ባህርይ ናይቲ ዝነበሮ ወለዶ ምስተዓዘበ፡ "ክፉእን ዘማውን ወለዶ" ክብል ገሊጽዎ (ማቴ፡16፡4)። እንደገና እውን ናይቲ ዝተዋህበም መልእኽቲ ኣንጻር ዝኸዱ ወለዶ ምዃኖም ምስረኣየ፡ እንተ ደረፍካሉ ዘይስዕስዕ እንተልቀስካሉ'ውን ዘይነብዕ (ዘይበኪ) "ህጻን" ዝኾነ ወለዶ ከምዝኾነ ገሊጽዎ (ማቴ፡11፡17)። ሃዋርያ ጴጥሮስ'ውን ንሰማዕቱ

ከጠንቐቕም ክሎ "ካብዚ ቁናን ወለዶ ድሓኑ" ኢልዎም (ግብ፡2፡40)። ኣም ብፍሪኡ ከምዝልለ፡ ከምኡ'ውን ሓደ ሕብረተሰብ ብፍሪኡ እዩ ዝልለ። ሎሚ ኣብዛ ዓለምና ዘሎ ዝልለየሉ ንጹር ፍረ እንተልዩ፡ እዚ ሎሚ ንሰብ ዝኾነ ኩሉ ዘጨንቕ ዘሎ ኣዝዩ ዘሰክሕ ሕማም ዘስዓበ ዝሙት እዩ። ምናልባት ብዛዕባ እዚ "ኤይድስ" ዝተባህለ ብዙሕ ሳይንሳዊ ዝኾነ ትንታነ ክወሃብ ዝከኣል እዩ። ገሊኦም ብዓይኒ ጥዕና፣ ገሊኦም ብዓይኒ ቁጠባ፣ ገለ'ውን ብዓይኒ ህልውና ገለ'ውን ብካልእ ዓይኒ ይርእይዎ ይኾኑ። ቤተ ክርስትያንከ በየናይ ጽላት (ወገን) ናይቲ ጉዳይ ትርእዮ ትኸውን፡ ምናልባት ቤተክርስትያን እዚ ጉዳይ እዚ ከመይ ጌሩ ይምልከታ ክንብል ንኽእል ንኸውን። እዚ ጉዳይ እዚ ዝምልከቶም መንግስታውያን ትካላት ስለዘለው ንዕኦም ጥራይ ክግደፍ ዘለዎ ዕማም ይመስለና ይኸውን።

እቲ ኣብ ዓለምና ዘሎ ስነምግባራዊ ጉድለት ቤተክርስትያን ንግዴኣ ብግቡእ ክትፍጽም ብዘይምኽኣላ ዝመጸ ሳዕቤን ምዃኑ ክንስተውዕል ይግበኣና። መንግስታዊ ኮነ ብሕታዊ ናይ ጥዕና ትካላት ኣብ ዘይነበሩሉ ቅድሚ ብዙሕ ኣሽሓት ዓመታት ጥዕና ሕብረተሰብ፡ እትሕሉ ዝነበረት ቤተክርስትያንን ካህናትን ምንባሮም ቃል ኣምላኽ ይገልጸልና እዩ (ዘሌ፡14፡1-8)። ክርስቶስ'ውን ምስቲ ሰማያዊ ተልእኾኡ ኣዛሚዱ ኣብ ጥዕና ሕብረተሰብ ተኣምራዊ ብዝኾነ መንገዲ ግቡኡ ይፍጽም ከም ዝነበረ ክንርኢ ዝከኣል እዩ (ማቴ፡8፡1-ፍጻሜ)።

> *ነቲ "ዝሙት" ወይ ከኣ "ምንዝርና" ዝብል ቃል፡ ዓለም ደፊራ ክትብሎ ስለዘይከኣለት ሰፍሪ ብዘይብሉ ቃላት ተተንኪፉ ክሓልፍ ንርእዮ።*

እቲ ቀንዲ መተሓላለፊ መንገዲ ናይዚ ሕማም ዝሙት እዩ። ስለዚ ነዚ ኣርእስቲ እዚ ተቢዑ ክዛረበሉ ዝኽእል ብዘይካ ቤተክርስትያን ኻልእ ክህሉ ኣይከኣልን። ነቲ "ዝሙት" ወይ ከኣ "ምንዝርና" ዝብል ቃል፡ ዓለም ደፊራ ክትብሎ ስለዘይከኣለት ሰፍሪ ብዘይብሉ ቃላት.

ተተንኪፉ ክሓልፍ ንርእዮ። "ሓደ ምስ ሓንቲ" ዝብል ናይ ወንጌል ቃል ንኸትብሎ ዝተገደደት'ውን ፥እቲ ሕማም ካብ ቁጽጽር ወጻኢ እናኾነ አብ ዝኸደሉ እዋን እዩ። እዚ ሕማም እዚ ብመድሃኒት ይኹን ብኻልእ መንገድታት ክጠፍእ ስለዘይከኣል፡ እቲ ሓደን ብሕታውን ኣማራጺ፡ ካብ ዝሙት ምእርናብ ጥራይ ኮይኑ ኣሎ። ምናልባት እቲ ሕማም ክተሓላለፈሉ ዝኽእል ካልእ መንገድታት እኳ እንተሃለወ ገና እቲ መሰረታዊ ምኽንያትን ክዕገት ዘይከኣለ መተሓላለፊ መንገድን ዝሙት ኮይኑ ተሪፉ ኣሎ። እዚ "ዘማዊ ባህርይ" ናይ ሕብረተሰብ ክልወጥ ናይ ግድን እዩ። እዚ ባህርይ እዚ ኣብ ምልዋጥ ከኣ ብዝለዓለ ደረጃ ክትንቀሳቐስ ዝግብኣ ቤተክርስትያንን ኣባላታን እዮም። ንዝሙት ክንዋግእ ዝግብኣና መሰረታዊ ምኽንያት ብኣይድስ ዝተላዕለ ጥራይ ኣይኮነን። እዚ ሕማም እዚ ኣብ ዘይነበረሉ እዋን እውን እቲ ካብ ኣምላኽ ዝፈልየና፡ ኣብ ስጋና ክፍጸሙ ካብ ዝኽእሉ ሓጢኣታት እቲ ዝኸፍአ እዩ።

ግን ንምንታይ እዩ እዚ ሕማም እዚ ክሳዕ ክንድዚ ኣገዳሲ ኣቓልቦ ቤተክርስትያን ክስሕብ ዝኽኣለ: ከምቲ ብዝተፈላለየ ማዕከናት ዜናን ብዝተፈላለዩ ጽሑፋትን ከም እንፈልጦ ኣብ ዓለምና ካብ 40 ሚልዮን ንላዕሊ ዝኾኑ ሰባት በዚ ሕማም እዚ ተለኺፎም ኣለው። ኣብ 2000 ዓ.ም ከኣ ክሳዕ 110 ሚልዮን ሰባት ክበጽሑ ከምዝኽእሉ ተገሚቱ ኣሎ። ኣብ ሃገርና'ውን ካብዚ ብዘይንእስ መንገዲ እናሰፍሐ ይኸይድ ኣሎ። ከምቲ ብሚኒስትሪ ጥዕና ዝተገልጸ ቁጽሪ ናይ ኤይድስ ሕሙማት ካብ 1988 ክሳዕ 1997 3825 ከምዝበጽሐ፡ ክሳብ 40,000 ዝኾኑ ድማ ተሰኪምቲ ናይቲ ቫይረስ ኮይኖም ከምዘለው ተገሚቱ ኣሎ። እዚ እቲ ዝርአ ዘሎ ክፋል ናይቲ ሽግር ጥራይ እዩ። እንተኾነ ክብደት ናይዚ ጉዳይ ንምርኣይ ጸብጻብ ናይ ጥዕና ትካላት ጥራይ ክንጽበ ኣድላዪ ኣይኮነን። እቲ ኣብ ሕብረተሰብና፡ ዝርአ ዘሎ ሕሱም ናይ ዝሙት ለበዳ፡ ንርእሱ እቲ ዝዓበየ መለክዒ እዩ። ኣብ ፈቐዶ ቤት መስተ ጥርሙዝ ኣብ ኢዶም ዓቲሮም ኣእምሮኦም ክሳዕ ዝስሕት ኮይኖም ምስ ኣመናዝር ክንውሩ ዝርኣዩ መንእሰያትን ዓበይትን እግዚኣብሄር ይቐጽሮም። ካብኡ ከይዶም ኣብ ቤቶም ንኣሚኖም ብዘይኣበሳኣ ክትልከም ዝገብሩን፡ ዓይኒ ማዮም ዘንጽፉን ክንደይ ኮን እዮም: ብሰሪ እዚ ከኣ ሕጻናት ገና ዕሸላት ከለው፡ ግዳያት ናይዚ ክፉእ ሕማምን ግዳያት ናይ ሓጢኣት ኣቦታቶምን ክኾኑ ይርአ ኣሎ። ነዚ ባህርይ እዚ ብግህዶ ክንዋግእ እንተዘይከኢልና፡ ከም ናይ ኡጋንዳ ስድራቤታት ጸኒተን ዓድታት ዝነብረለን ስኢነን ዑና ክኾና እንርእየሉ ጊዜ ነዊሕ ኣይክኸውንን እዩ። ብቐንዱ ኸኣ ካብ ኣምላኽን መንግስቲ ኣምላኽን ክንፍለ ብትንሳኤ ድማ ናይ ሓጢኣትና ፍዳ ክንቅበል ኢና።

ቃል እግዚኣብሄር ከምዝገልጸልና ዓስቢ ናይ ኩሉ ዓይነት ሓጢኣት ሞት እኳ እንተኾነ፡ ዝሙት ግን ካብ ኩሉ ካልእ ዓይነት ሓጢኣት ዝኸበደ ዝገብሮ ምኽንያት ኣለዎ። ሃዋርያ ጳውሎስ ክብደት ናይ ዝሙትን ምንዝርናን ንሰብ ቈረንቶስ ክገልጽ ከሎ "ካብ ምንዝርና ህደሙ። ሰብ ዝገብሮ ዘበለ ሓጢኣት ካብ ስጋኡ ብወጻኢ እዩ፡ ዚምንዝር ግና ኣብ ገዛእ ስግኡ እዩ ሓጢኣት ዝገብር።" ኢልዎም (1ቆረ፡6፡18)።

ስለዚ ንምንዝርና ክንሃድመሉ እንተዘይክኢልና፡ ካብዚ እንፈርሆ ዘለና መዓት ክነምልጥ ኣይክኣልን እዩ። ፍቓድ ኣምላኽ ካብ ከምዚ ዝበለ ሓጢኣት ክንርሕቕ'ሞ ካብ ናይ ስጋ ኮነ ካብ ናይ ነፍሲ ሕማም ነጻ ኴንና፡ ንእኡ መሲልና ክንነብር እዩ። ከምቲ ጳውሎስ ንሰብ ተሰሎንቄ "ፍቓድ ኣምላኽ እዚ እዩ፡ ቅድስናኹም። ካብ ምንዝርና ክትርሕቁ እሞ፡ ከምቶም ንኣምላኽ ዘይፈልጡ ኣህዛብ ብፍትወት ትምኒት ዘይኮነስ፡ ነፍሲ ወከፍኩም ንሰበይቲ ኪዳኑ ብቅድስናን ክብርን ምሕላይ ክፈልጥ፡ እዚ ፍቓድ ኣምላኽ እዩ" ዝበሎም ኣምላኽ ንዘመንናን ንወለዶናን'ውን ከምዚ ዝበለ ፍቓድ እዩ ዘለዎ። ዋላ እቶም ሰብ ቃል ኪዳን ዘይኮንና 'ውን እዚ ፍቓድ ኣምላኽ ኣዝዩ ይምልከተና እዩ። ምኽንያቱ ውዒልና ሓዲርና ሰብ ኪዳን ምኻንና ስለዘይተርፍ።

> ፍቓድ ኣምላኽ ካብ ከምዚ ዝበለ ሓጢኣት ክንርሕቕ'ሞ ካብ ናይ ስጋ ኮነ ካብ ናይ ነፍሲ ሕማም ነጻ ኴንና፡ ንእኡ መሲልና ክንነብር እዩ።

ነዚ ፍቓዱን ቃሉን እዚ ዘይሰዕቡ ሰባት እንታይ ከምዝስዕቦም፡ ቃል እግዚኣብሄር ኣነጺሩ፡ ይገልጸልና እዩ። "ነዚ ኣብዚ መጽሓፍ ሕጊ እዚ ዝተጻሕፈ ኩሉ ቃላት እዚ ሕጊ እዚ ክትገብሮ እንተዘይተጠንቀቕካ፡ ነዚ ምስጉንን መፍርህን ዝኾነ ስም እግዚኣብሄር ኣምላኽካ እንተዘይፈራህካ፡ እግዚኣብሄር መቕዘፍትኻን መቕዘፍቲ ዘርእኻን ዜገርም፡ ብርቱዕ፡ ዓብይ እሞ

ዝድንጐ መቕዘፍቲ፡ ሕሱም እሞ ዝድንጐ ሕማም ኪገብሮ እዩ። ክሳዕ እትጠፍእ፡ እግዚኣብሄር ኣብ መጽሓፍ እዚ ሕጊ እዚ ዘይተጻሕፈ ኩሉ ሕማምን ኩሉ መቕዘፍትን ከምጽኣልካ እዩ። እናበለ የጠንቅቐና እዩ (ዘዳ፡28፡58-61)። ነቲ "ኣይትዘሙ" ዝብል ትእዛዝ ምስጠሓስና ቅድሚ ሕጂ ተሰሚዑ ብዘይፈልጥ ሕማም ክንጸንት ንርኢ ኣሎና። ስለዚ እዚ ሕማም እዚ ውጽኢት ሓጢኣትናን ዘይምእዛዝናን ምዃኑ ቃል እግዚኣብሄር ኣረጋጊጹልና ኣሎ። ካብዚ ሓጢኣት እዚ ብምሕላው ንርእስናን ቤተሰብናን ህዝብናን ካብዚ ዝድንጐ ሕሱምን ብርቱዕን ዓብይን መቕዘፍቲ እዚ ክንሕሉ እዚ ዘመን እዚ ዝኸበደ ሓላፍነት ኣንቢሩልና ኣሎ።

እቲ ክርሳዕ ዘይብሉ ናይ መወዳእታ ነጥቢ ከኣ፡ ብዛዕባ እቶም ድሮ በዚ እኩይ ሕማም ተታሒዞም ዘለው ሰባት እዩ። ብኣበሳኦም ይኹን ብዘይ ኣበሳኦም ንዝረኸቦም ሽግር፡ ክነጻውሮምን ክንጸሮምን ክንረድኦምን ይግባኣና። ከምቲ ጐይታ ምስቶም ኩሉ ሰብ ዝፈርዶምን ዝተጸየፎምን ሓጢኣተኛታትን ከበልዕን ክሰትን ክዛረብን ምሕረትን ረድኤትን ክገብረሎም ዝፈተወ፡ ንሕና'ውን ንኣብነቱ ብምኽታል፡ ግቡእ ፍቕሪ ክነርእዮምን ክንረድኦምን ይግባኣና። ከምቲ ቃሉ "መከራ ይጸግቡ ንዘለው ከኣ ንስኻትኩም'ውን ኣብቲ ስጋ ከምዘለኹም ኴንኩም ዘክርዎም።" ዝበለና፡ ኣብቲ ዝሳቐ ዘሎ ስግኦም ከምዘለና ኴንና ክንደናገጽ ይግባእ (እብ፡13፡3)። እግዚኣብሄር ነቶም ክፍወሱ ዝግብኦም እናፈወሰ፡ ነቶም ክፍወሱ ዘይብሎም ኣብታ ናይ ሕማም ጊዜ ከምዝረድኦም መጽሓፍ ቅዱስና ይነግረና። "ኣብ መደቀሲ ድናሴኡ ከሎ፡ እግዚኣብሄር ይድግፎ። ንስኻ ብሕማሙ ንብዘላ ዓራቱ ተንጽፈሉ።" ብምባል ኣምላኽ ኣብ ሕሙማት ዘለዎ ድንጋጸን ለውሃትን ረድኤትን ዘማራይ ዳዊት ኣብሪሁልና ኣሎ (መዝ፡41፡3)። እቲ ሕማም ዝመሓላለፈሉ መንገድታት ንጹር ከሎ፡ ብዘይምኽኑይ ፍርሃት ከይንሓድጎምን ክንድግፎምን ክርስትያናዊ ግቡእና እዩ።

እቲ ቅኑዕ ዝኾነ ህይወት ኣብዛ ምድሪ ነቢርና፡ ካብዛ ሕጂ ዘላ እከይቲ ዓለምን፡ ካብዚ ሕጂ ዘሎ ቁናን ወለዶን ድሒንና ክንነብር ዘለና እንከ እማራጺ ከም ፍቓድ እግዚኣብሄር ብፍርሃቱ ምምልላስ ጥራይ እዩ። እቲ ንሕሙማት ዝግበር ክርስትያናዊ ሓልዮት ክንገብር እንኽእል ምስ ክርስቶስ ጐይታና ዘለና ርክብ ምስ ዝጥዒ ጥራይ እዩ። ስለዚ ቀረባ ኣምላኽ ኴንና፡ ኣብ ሕብረት ቤተክርስትያን ኣቲና፡ኣብዛ መኣዝን ዘይብላ ዓለም መንገድና ኣዐሪና ምእንቲ ክንመላለስ፡ ቃል ኣምላኽ ክንመሃርን ክንእዘዝን ንዕደም ኣሎና።

# እዝኒ ዘለዎ ይስማዕ! ራእ፡2፡8-11

ናብ መልኣኽ ማሕበር ሰሚርናውያን ጽሓፍ። እቲ ቀዳማይን ዳሕራይ ሞይቱ ዝነበረን ህያው ዝኾነን ከምዚ ይብል ኣሎ። ጸበባኻን ድኽነትካን- ግናኸ ሃብታም ኢኻ- ጸርፊ እቶም ኣይሁድ ኢና ዝብሉን -ግናኸ ማሕበር ሰይጣን እዮም እምበር ኣይሁድስ ዘይኮኑ ይፈልጥ ኣለኹ። እንሆ ምእንቲ ክትፍተኑስ ድያብሎስ ንገሊኻትኩም ናብ ቤት ማእሰርቲ ክድርብዮም እዩ ዓሰርተ መዓልቲ'ውን ጸበባ ኽረኽበኩም እዩ እሞ ነቲ ዚመጸካ መከራ ኣይትፍርሃዮ ክሳዕ ሞት እሙን ኩን ኣነውን ኣኽሊል ህይወት ክህበካ እየ። እዝኒ ዘላቶ እቲ መንፈስ ንማሕበራት ዝብለን ዘሎ ይስማዕ። እቲ ዝስዕር በቲ ካልኣይ ሞት ኣይኽጐዳእን እዩ።



ናብ ሰሚርና ዝተላእከ መልእኽቲ

ከተማ ሰሚርና ካብ ኤፈሶን 80 ኪ.ሜ ዝኣክል ርሕቕ ኢላ ናብ ወገን ሰሜን ኣቢላ ዝተሠርሓት ከተማ እያ ነይራ። ብንግዲ ውርይቲ ኣብ ልዕሊ ምኳና ብህንጻታትን ብናይ መንገድታት ኣሰራርሓን ጽብቕቲ ዝኾነት ከተማ ነይራ። ናይታ ከተማ ኣብያተ መቕደስን ትያትርን ንመልክዓ ድምቀት ይህብዋ ነበሩ። ኩሎም ጎደናታታ ብግቡእ ዝተሓንጸጹ ኣባይታውን ብፍልጠት ዝተሰርሑ ስለዝኾኑ እቲ ኣብኣ ዝነብር ሕዝቢ፡ "ከተማና ካብታ ድምቕቲ ኤፈሶን

ብምንም ኣይትንእስን እያ" እናበሉ ክወዳደሩ ይፍትኑ ነበሩ።

ኣብ ሰሚርና ሓይልን ክብርን ዝስምየም ብዙሓት ኣይሁድ ነበሩ። እምነት ክርስትያን ኣብዛ ከተማ እዚኣ ንመጀመርታ ጊዜ መዓስ ከም እተሰብከ፣

**ኣብ ዘመን ሃዋርያት ጥራይ ዘይኮነስ ኣብቲ ዝስዕብ ዘመናት ኣይሁድ ንክርስትያናት ንምጥፋእን ንምድምሳስን ብዙሕ ጻዕሪ ይገብሩ ከምዝነበሩ ታሪኽ ይምስክር።**

እታ ቤተክርስትያን'ውን መዓስ ከምዝተመስረተት ኣይፍለጥን እዩ። ናብኡ ዝኸዱ ናይ መጀመርታ ናይ ወንጌል መልእኽተኛታት በዓል መን ከምዝኾኑ ናይ ቤተክርስትያን ታሪኽ ተመራመርቲ ክሳዕ ሕጂ ክፈልጡ ኣይከኣሉን።

ኣብ ካልኣይ ክፍለ-ዘመን ግን ታሪኽ ቤተክርስትያን ብዛዕባ ሰሚርና ዝትርኽልና ታሪኽ ኣሎ። ኣብ 110 ዓ.ም ኢግናቴዎስ ዝተባህለ ናይ ቤተክርስትያን ኣቦ፣ ፖሊካርጵ ንዝተባህለ ጳጳስ ሓደ መልእኽቲ ልኢኹሉ ነበረ። ካብዚ መልእኽቲ እዚ ከምእንርድኦ ፖሊካርጵ ኣብቲ ዘመን ናይ ሰሚርና ቤተክርስቲያን ጳጳስ እዩ ነይሩ።

ተርጎምቲ መጽሓፍ ቅዱስ ኣብ ራእይ 2፥8 ዝተጠቐሰ ናይ ሰሚርና ቤተክርስትያን መልኣኽ ካልእ ዘይኮነስ ፖሊካርጵ እዩ ዝብል እምነት ነይርዎም። ነዚ ርእይቶ እዚ ብቑዕ ናይ ታሪኽ መርትዖ እንተዘይተረኽበ እኳ ምናልባት ቅዱስ ክኸውን ይኽእል እዩ። ኢሬኔዎስ (ናይ ቤተክርስቲያን ኣቦ) "ኣብ ልዕሊ መናፍቓን" ኣብ ዝተባህለ መጽሓፉ፣ "ፖሊካርጵ ኣብ ሰሚርና ጳጳስ ንክኸውን ሃዋርያት እዮም መዲቦምዎ" ኢሉ ጽሒፉ ኣሎ። ፖሊካርጵ ኣብ 155 ዓ.ም ብሰማእትነት ሞይቱ ይፍለጥ። ኣብቲ እዋን ሞቱ ንሱ ባዕሉ ከምዝመስከሮ፣ 86 ዓመታት ምሉእ ንጎይታ ኢየሱስ ክርስቶስ ዘገልገለ ሰብ ነበረ። ኣብ ራእይ ዮሃንስ

ተጠቒሱ ዝርከብ ናይ ሰሚርና ቤተክርስቲያን ፖሊካርጵ እንድሕር ኮይኑ፡ ገና ብንእስነቱ ከሎ ንክርስቶስ ኣገልግሎቱ ጀሚሩ ማለት እዩ።

ቁጽሪ 8፡- ከምቲ ኣብቲ ቀዳማይ መልእኽቲ ዝረኣናዮ፡ ኣብዚ ካልኣይ መልእኽቲ ድማ ጎይታ ኢየሱስ ብዛዕባ ርእሱ ሓደ ቃል ብምዝራብ ይጅምር "እቲ ቀዳማይን ዳሕራይን ሞይቱ ዝነበረን ህያው ዝኾነን" ብምባል እዩ መልእኽቱ ጀሚሩ። እቲ ካብ ሙታን ዝተንስአ ክርስቶስ ሕያው ኮይኑ ምንባሩ ንናይ ሰሚርና ክርስትያናት መተሓሳሰቢ ቃል ምዝራቡ ካብ ምንታይ ዝተላዕለ ይኸውን፡ ሽግሮም ፈሊጡ ከበራትዖምን ከጸናንዖምን ስለዝፈተወ እዩ። ብእምነቶም ምኽንያት መከራ ዝወረዶም ሰባት ነበሩ። ካብዚ መልእኽቲ'ዚ ከም እንርድእ ድማ ስም ኢየሱስ ስለዝምስክሩ ንመጻኢ ካብኡ ዝዓበየ መከራን ስደትን ከበጽሖም እዩ። ምናልባት ካብኣቶም ብሰማዕትነት ዝሞቱ ይህልው ይኾኑ። እንተኾነ ግን ምእንቲ ክርስቶስ ደሞም ከፍስሱ እንተኣድልዩ'ውን ንዝመጾም ፈተና ክፈርሑ ኣይግብኦምን እዩ። ምኽንያቱ እንተሞቱውን ክነብሩ እዮም።

ኢየሱስ ክርስቶስ ሞይቱ ከምዝተንስአ ንሳቶምውን ናይቲ ትንሳኤ ተኻፈልቲ ኮይኖም ብዓወት ክትንስኡ እዮም ማቴ፡10፡28-30 ተመልከት። ስለዚ "ሞይተ ነበርኩ ንዘልኣለም ህያው እየ" ዝብል ቃሉ ብሓቂ ንዝተሸገሩ ክርስትያናት ዘሓጉስን ዘጸናንዕን እዩ

ቁጽሪ 9፡- ናይ ሰሚርና ከተማ፡ ንግዲ ዝዓመረላ ከተማ ከም ምኳና መጠን፡ ኣብኣ ዝነብሩ ብዙሓት ሃብታማት ሰባት ነይሮም። እዚ ሃብቲ እዚ ግን ናይቶም ኣመንቲ ኣይነበረን። እቶም ዝሃብተሙ ዓለማውያን እዮም። ኣብዛ ናይ ቁጽሪ 9 ተጻሒፉ ከምእንርእዮ ክርስትያናት መከራ ዘለዎም ኣብ ልዕሊ ምኳኖም ብምድራዊ ትሕዝቶ'ውን ድኻታት ነበሩ። ከምዚ ክኸውን ዝኽእለ በየናይ ምኽንያት ክኸውን ይኽእል፡ ኢልና እንተሓተትና ምናልባት ብገንዘብ ሓይሊ ዝረኸቡ ኣይሁድ ነቶም ክርስትያናት የጥቅዕዎም ስለዝነበሩ እዩ ኢልና ክንሓስብ ንኽእል።

እንተኾነ ግን እዞም ክርስትያናት ምድራዊ ሃብቲ ደኣ ይስኣኑ እምበር መንፈሳዊ ሃብቲ ከምዝነበሮም ጐይታ ባዕሉ'ውን ገሊጹሎም እዩ። ነቲ መራሒ ናይታ ቤተክርስትያንን ከምኡውን ነቲ ማሕበር ብሓፈሻን "ሃብታም ኢኻ" ዝብል ቃል ተዛሪቡ እዩ። ብርግጽ ምስ ክርስቶስ

ተኻፋሊ ዝኾነ ሰብ ሃብታም እዩ። ሃብቲ ክርስቶስ ኩሉ ገንዘቡ ኮይኑ እዩ። (እብ፥3፥14)። ሃዋርያ ጳውሎስ'ውን እዚ ናይ ክርስትያን መንፈሳዊ ሃብቲ ብምግንዛብ ከምዚ ይብል፥- "ከም ድኻታት ንብዙሓት ግና ነጸጉ ኢና፥ ኩሉ ከሎናስ ሓንቲ ከምዘይብሎም ኴንና ንረአ ኣሎና" 2ቆረ፥6፥10 ሃዋርያ ያዕቆብ'ውን ናይዚ ዓለም እዚ ድኻታት ብእምነት ግን ሃብታማት ከምዝኾኑ መስኪሩ ኣሎ (ያእ፥2፥5)

ጐይታ ኢየሱስ ክርስቶስ ናይ ሰሚርና ኣመንቲ መከራን ሸግርን ይፈልጦም እዩ። ሸግሮም ግን ካብ ሓጢኣቶም ዝፈልፈለ ኣይኮነን። ካብ ናይ ዓለም ክፍኣት ዝፈልፈለ እዩ። ስለዚ ኢየሱስ ነዞም ምእመናን ዘሰምዖም ቃል ናይ ምጽንናዕን ምትብባዕን ጥራይ እዩ እምበር ኣብቲ መልእኽቲ ዝተወቐሱሉ ወይ ዝተገሰጹሉ ዋላ ሓንቲ ነገር የለን። በዚ ምኽንያት ከኣ እዛ መልእኽቲ እዚኣ ካብታ ቀዳመይቲ ኣዝያ ዝተፈልየት ምኺና ንርኢ።

እቶም ንናይ ሰሚርና ክርስትያናት ዘሕዘኑ ሰባት፥ ኣይሁድ ዘይኮኑ ክነሶም ኣይሁድ ኢና እናበሉ ዝምክሑ ሰባት እዮም። ምናልባት ብስጋ ናይ ኣይሁድ ወገን ክኾኑ ይኽእሉ። እንተኾነ ግን ኣይሁድ ዝብል ስም ኣይግብኦምን እዩ። ምኽንያቱ ኣይሁድ ዝብል ቃል ናይ ክብሪ ስም እዩ። መንፈሳዊ ትርጉም ከኣ ኣለዎ። ከምቲ ሃዋርያ ጳውሎስ ዝጸሓፎ እቲ ሓቀኛ ኣይሁዳዊ ዝበሃል ኣብ ውሽጡ ማለት ብልቡ ኣይሁዳዊ ንዝኾነ እዩ እምበር ብስጋ ጥራይ ኣይሁዳዊ ንዝተባህለ ኣይኮነን (ሮሜ፥2፥29)። ካብ ልቢ ኣይሁዳዊ ዝኾነ ሰብ እቲ እግዚኣብሄር ንኣይሁድ ዝገለጾ ቃል ኩሉ ዝተቐበለ እዩ። እዚ ቃል እዚ ብዛዕባ ኢየሱስ ክርስቶስ ዝምስክር እዩ (ዮሃ፥5፥39)። ስለዚ ብስጋ ኣይሁድ ዝተባህለ ሰብ ብቃል ክርስቶስ ዘይኣመነ

> ክርስትያናት ንክብርትው ጎይታ የጸናንዓዮም እምበር ካብ መከራን ስደትን ነጻ ከምዝኾኑ ተስፋ ኣይሃቦምን።

ኮይኑ እንተተረኺቡ ሓቀኛ ኣይሁድ ከምዘይኮነ ኣብ ገዛእ ርእሱ ይምስክር ኣሎ ማለት እዩ።

ጐይታ ባዕሉ በዚ መልክዕ እዚ ንኣይሁድ ዳዊትን ተርጉሙዎ ኣሎ። ምስተም ዘይኣመኑ ኣይሁድ ክከራኸር ከሎ ከምዚ ኢልዎም። 'ደቂ ኣብርሃም እንተትኾኑ ግብሪ ኣብርሃም ምገበርኩም ሕጂ ግና ንኣይ ካብ ኣምላኽ ዝሰማዕክዎ ሓቂ ንዝነገርኩኹም ሰብኣይ ክትቀትሉኒ ትደልዩ ኣለኹም ኣብርሃም ከምዚ ኣይገበረን። (ዮሃ፡8፡39-40)።

ስለዚ ኣብ ከተማ ሰሚርና ብኣይሁዳውነቶም ዝምክሑ ዝነበሩ ሰባት መንገዲ ክርስቶስ ዝጸልኡን ንክርስቶስ መከራ ዘጽግቡን ምዃኖም ግሉጽ እዩ። ንሰዓብቲ ክርስቶስ እናተጻረፉ ይነብሩ። ብዝተፈላለየ ሕሜትን ናይ ሓሶት ወረን ስሞም ንምጽያቕ ይፍትኑ ነበሩ።

ኣይሁድ እግዚኣብሄር ዝጸውዖ ናይ ቃል ኪዳኑ ህዝቢ ንምዃን ዝተዓደለ ህዝቢ እዩ። ንነዊሕ ዘመናት ቃል እግዚኣብሄር ካብ ኣፍ ነብያት ዝሰምዔ ህዝቢ እዩ። መድሓኒት ዓለም ብስጋ ክሳዕ ዝግለጽ ኣብ ማእከል ኣህዛብ ዝተቐደሰ ኣገልግሎት ዝነበሮ ወገን እዩ ነይሩ። ካብዚ ዝተላዕለ ኣብ ዘመን ብሉይ ኪዳን ማሕበር ኣምላኽ ተባሂሉ ዝተባረኸን ዝተዓደለን ህዝቢ ኣይሁድ እዩ።

እዚ ኩሉ በረኸት እዚ ክሕሰብ ከሎ ካብ ወገን ኣይሁድ ዝኾነ ኩሉ እግዚኣብሄር ብእኡ ምኽንያት ንዘዳለዎ ክርስቶስ ብእምነት ክቕበል ይግብኦ ነይሩ። ብርግጽ ህዝቢ ኣምላኽ ምዃኖም ዝፍለጥ በዚ እዩ ነይሩ። እንተኾነ ግን ኣብ ሰሚርና ዝነበሩ ኣይሁድ ማሕበር ሰይጣን ደኣ እምበር ማሕበር ኣምላኽ ዝብል ስም ኣይግብኦምን እዩ።

*ምእንቲ ክርስቶስ ምስዳድን ምስቓይን ንክርስትያን ናይ ዘልኣለም ጥቕሚ ዝህቦ እምበር ዝጎድኦ ነገር ኣይኮነን።*

እዞም ኣይሁድ እዚኦም ናይ ሰሚርና ኣመንቲ ስም ክጥፍኡ ክደልዩ ከለው ብምንታይ ከምዝጸርፍዎም ወይ ድማ ከመይ ዝበለ ክሲ ከምዘቕርቡሎም ኣይተጻሕፈን። እንተኾነ ግን ክርስቶስ ባዕሉን ሃዋርያትን ብምንታይ ከምዝተከሰሱ ንፈልጥ ኢና። ኣይሁድ ንክርስቶስ ክጥፍኡ ኣብ ዝደለየሉ እዋን ንቄሳር ኣይእዘዝን፡ ንጉስ እየ እናበለ ይዛረብ ዝብል ክሲ ኣምጺኦምሉ እዮም። ጳውሎስ'ውን ናብ ተሰሎንቄ ምስ መጸ ምስቶም ምስኡ ዝተሓባበሩ ሰባት ተታሒዞም፡ "ንሳቶም ኲላቶም ምስ ኣዋጅ ቄሳር ዝጻላእ ነገር ይገብሩ ኢየሱስ ዝበሃል ካልእ ንጉስ ኣሎ ይብሉ" ተባሂሎም ተኸሲሱ። (ሉቃ፡23፡2፣ ግብ፡17፡7)። ናይ ሰሚርና ክርስትያናት ዝተኸሰሱሉ ክሲ ነዚ ዝመስል እዩ እንተበልና ካብ ሓቂ ዝረሓቐ ኣይመስልን። ኣብ ዘመን ሃዋርያት ጥራይ ዘይኮነስ ኣብቲ ዝስዕብ ዘመናት ኣይሁድ ንክርስትያናት ንምጥፋእን ንምድምሳስን ብዙሕ ጻዕሪ ይገብሩ ከምዝነበሩ ታሪኽ ይምስክር። ንምሳሌ ፖሊካርጶ ብሰማእትነት ኣብ ዝሞተሉ እዋን ነቲ ጻጻስ እቲ ንምቕታል ኣይሁድ ምስ ኣረማውያን ከምዝተሓባበሩ "ሰማእትነት ፖሊካርጶ" ዝተባህለ ሓጺር ጽሑፍ ኣነጺሩ ይገልጾ እዩ።

ቁጽሪ 10፡- ናይ ሰሚርና ክርስትያናት ንክብርትው ጎይታ የጸናንዓዮም እምበር ካብ መከራን ስደትን ነጻ ከምዝኾኑ ተስፋ ኣይሃቦምን። ኣብ ውሽጢ ክፍእቲ ዓለም እዮም ዘለው እሞ ሳም ክርስቶስ ዝተሰከሙ ከምዝ'ኺኖም መጠን ናይቲ መከራ ተኻፈልቲ ምኺን የድልዮም እዩ። በቲ ዝበጽሖም መከራ ግን ከፈርሑ ኣይግብኦምን እዩ።

ስደት ዝመጸም ካብ ዲያብሎስ እዩ። ግዝኢ እዛ ዓለም እዚኣ ዝተባህለ ንሱ እዩ'ሞ እቶም ግዙኣቱ ዝኾኑ ናይ ዓለም ሰባት ንኣመንቲ ብምቅዋምን ብምስዓድን የገልግልዎ። ብኽፍኣቱ ዝተመረዙን ነቲ ኸፉእ ምኽሩ ብሓጎስ ዝቐበሉን ብዙሓት እዮም።

እዚ ኩሉ ንናይ ሰሚርና ክርስትያናት ንምንታይ ይመጾም፡ ተባሂሉ እንተተሓትተ ድማ ነቲ "ምእንቲ ክትፍተኑ" ዝብል ቃል ምምልካቱ ክድሊ እዩ። ክርስትያን ኣብ ዝፍተኑሉ እዋን ንጊዚኡ እቲ ፈተና ክቢድ ነገር መሲሉ ይረኣዮ። ብሓይሊ እግዚኣብሄር ግን ውጽኢቱ ሰናይ ይኾኑሉ። ፈተና ንክርስትያን የደልድሎ እዩ። ሃዋርያ ጳውሎስ እዚ ነገር እዚ ተረዲኡ በቲ ዝበጽሓና ጸበባ ንምካሕ ኢና ይብል። ስለምንታይ፡ ምፍታን ተስፋ ከምዘምጽኣልና ስለእንፈልጥ እዩ (ሮሜ፡5፡4)። ዕጉሳት እውን ይገብረና። እምበኣር ምእንቲ ክርስቶስ ምስዓድን ምስቓይን ንክርስትያን ናይ ዘልኣለም

ጥቕሚ ዝህቦ እምበር ዝጎድኦ ነገር ኣይኮነን። ምድራውያንን ድኹማትን ካብ ምኧንና ዝተላዕለ ግን እዚ ሓቂ እዚ ንሓንሳእ ኣይረኣየናን እዩ። ብዛዕባ ስጋዊ መከራ እቲ ቅኑዕ ርእይቶ ምእንቲ ክህልወና በብእዋኑ ኣተሓሳስባና ብቓል እግዚኣብሄር ክንእርሞ ይግብኣና።

"ድያብሎስ ንገሌኻትኩም ናብ ቤት ማእሰርቲ ክድርብዮም እዩ" ክብሎም ከሎ እቶም ኣረማውያን ዝኾኑ ናይ ሰሚርና ከተማ ሰበ-ስልጣን ነቶም ክርስትያን ንክእሰሩ ክፈርዱሎም እዮም ማለቱ እዩ።

እንተኾነ ግን በዚ ኣረኣእያ እዚ ሓደ ግሩም ዝኾነ ነገር ንምልከት። ነቲ ናይ ማእሰርቲ ጊዜ ዝውስነሎም መን እዩ፡ ዓለማውያን ዝኾኑ ደያኑ ኣይኮኑን። ናይ መከራ ዘመኖም ዝውስነሎምን ዘሕጽረሎምን እግዚኣብሄር እዩ። ናይቲ መከራ ጊዜኦም ንዓሰርተ መዓልታት ጥራይ ዝጸንሕ እዩ ነይሩ። እዚ ዓሰርተ መዓልቲ ምኧኑ ከመይ ዝበለ ትርጉም ከምዘለዎ እኳ እንተዘይፈለጥና ሓጺር ጊዜ ከምዝኾነ ርዱእ እዩ። እግዚኣብሄር ንማሕበር ምእመናን ስለዝሓሰበን ዓለማውያን ንዘይተወሰነ እዋን ክሳቕይዎም ኣይፈቕደሎምን እዩ። መከራ ንጊዚኡ ከምዝብርትዖም ግን ኣቐዲሙ ይነግሮም እዩ። ምእንቲ ክርስቶስ ህይወቶም ዘሕልፉ ኣለው። ስለዚ ድማ ክሳዕ ሞት እሙናት ክኾኑ ኣተባብዖም።

ነቲ ናይ ማእሰርቲ ጊዜ ዝውስነሎም መን እዩ፡ ዓለማውያን ዝኾኑ ደያኑ ኣይኮኑን። ናይ መከራ ዘመኖም ዝውስነሎምን ዘሕጽረሎምን እግዚኣብሄር እዩ።

ክሳዕ ሞት እሙን ዝኾነ ናይ ህይወት ኣኽሊል ይረክብ። ኣኽሊል ኣብቲ ዘመን እቲ ኣብ ናይ ስፖርት ውድድር ንዝተዓወቱ ዝሽለም ሽልማት እዩ ነይሩ (1ቆሮ፡9፡25፣ 2ጢሞ፡4፡7-8) ናይ ጸወታ ተወዳደርቲ ዝረኽብዎ ኣኽሊል ግን ዝሓልፍን ዝጠፍእን እዩ። እዚ ብጐይታ ዝዕወት ሰብ ዝረክቦ ኣኽሊል ግን "ኣኽሊል ህይወት" ተባሂሉ'ዩ ዝጽዋዕ ክሳዕ ሞት እሙን ዝኾነ ሰብ ናይ ዘልኣለም ህይወት ይሽለም።

ቁጽሪ 11 ኣብዚ መልእኽቲ እዚ መንፈስ ንኣብያተ ክርስትያን እንታይ ይብል፡ "እቲ ዝስዕር ብቲ ካልኣይ ሞት ኣይኪጉዳእን እዩ" ይብለና ርግጽ እዩ ብቲ ዝበጽሖም ጸበባ ምእንቲ ክርስቶስ ዝሞቱ ኣለው። ስጋዊ ሞት ካብዚ ዓለም ክፈልዮም እዩ። እዚ ናይ መጀመርያ ሞት ግን ኣየፍርሖምን እዩ። ምኽንያቱ እቲ ካልኣይ ሞት ክንድኦም ኣይክእልን እዩ። ክሳዕ ዘልኣለም ኣብ ኢድ ክርስቶስ ስለዝነብሩ ብሰማእትነት ምሟት ዘሓጉስ ደኣ እምበር ዘሕዝንን ዘብክን ነገር ኣይኮኖምን እዩ። ሰብ ንዘልኣለም ካብ እግዚኣብሄር ብዛዕባ ዝፈልዮ ብዛዕባ ካልኣይ ሞት ኣብ ራእ፡20፡6፣ 21፡8 ተመልከት።

ኣብ ዘመንና ናይ ሰሚርና ቤተክርስትያን እትመስል ቤተክርስትያን እንተልያ ብሓቂ ብጽእትን ዝተባረኸትን እያ። እዞም ክርስትያናት እዚኣቶም ብምኽንያት ናይ ዓለም ጽልኢ ዝተሸገሩ ደኣ ይኹኑ እምበር ብመንፈሳዊ ኩነታቶም ጎይታ ኢየሱስ ዝኾነ ይኹን ኣበር ኣይረኸበሎምን። ብኹሉ መንፈሳዊ በረኸት ዝተባረኹ እዮም። ካብ መንገዲ ጎይታ ኣይረሓቑን። ንቃሉ እሙናት ኮይኖም ሓልዮም። ነቲ ቅዱስ ስሙ ኣይከሓድዎን። ስለዚ ዝተነቕፍሉ ነገር የለን። ብምኽንያት እምነቶም ኣኣብ ዝሳቐዩሉ እዋን ንድሕሪት ከይምለሱ ካብ ምጥንቃቕ ሓሊፉ ጎይታ ኢየሱስ ንናይ ሰሚርና ክርስትያናት ብኻልእ ነገር ምጥንቃቕ ኣድላይ ኮይኑ ኣይረኸቦን።

ናይ መጽናዕቲ መምርሒ (ራእ፡2፡ 8-11)

1. ጎይታ ኢየሱስ ኣብታ መእተዊት ቀጽሪ 8 "ሞይቱ ዝነበረን ህያው ዝኾነን" ዝበለሉ ምኽንያት እንታይ ኮን ይኸውን፡

2. ናይ ሰሚርና ቤተ ክርስትያን መራሒ ዝተነቕፈሉ ነገር የለን። ኣብዘን ሸውዓተ ኣብያተ ክርስትያን ነዚኣ እትመስል ቤተክርስትያን ኣላዶ፡

3. እዚ መልእኽቲ እዚ ብዛዕባ ከተማ ሰሚርና ናይ ሃይማኖት ኩነታትን ብዛዕባ ሰበስልጣናትን እንታይ እንታይ ይገልጸልካ፡

4. ኣብዚ መልእኽቲ እዚ ኣይሁድ ዝብል ቃል እንታይ ዓይነት ትርጉም ይህልዎ፡

5. ናይ ሰሚርና ቤተክርስትያን ድኽነትን ሃብትን ብምንታይ እዩ፡

6. እዚ መልእኽቲ መከራን ስደትን ብዛዕባ ዝወረዳ ቤተክርስትያን ይዛረብ። መጽሓፍ ቅዱስ ብዛዕባ ኣብ ክርስትያን ዝወርድ መከራ እንታይ ከምዝምህረና ኣስዒብና እንረኽቦም ጥቕስታት ብምጽናዕ ክንረኽቦ ንኽእል

ሀ) መከራ ዝወርድ ኣብ መን እዩ፡ "ግናኸ እቶም ብክርስቶስ ኢየሱስ ብፍርሃት እግዚኣብሄር ኪነብሩ ዚደልዩ ኩሎም ኪስጐጉ እዮም" (2ጢሞ፡3፡12)

ለ) ክርስትያን "ናብ ፈተና ኣይተእትወና" ኢሎ ይልምን። እዚ ቃል እዚ ምስዞም ዝስዕቡ ቃላት ከመይ ክነመሳስሎ ንኽእል። "እቲ ምፍታን እምነትኩም ብምግሃድ ኢየሱስ ክርስቶስ ንምስጋናን ስብሓት ክብርን ምእንቲ ኽርከብ፡ እንተ ኣድለየስ፡ ሕጂ ብብዙሕ ዝዓይነቱ ፈተና ምስ ጉሄኹም፡ ብእኡ ኽትሕጐሱ ኢኹም።" 1ጴጥ፡1፡ 6-7፣ "ኑቲ ባርያ ካብ ጐይታኡ ኣይዐብን እዩ፡ ኢለ ዝነገርኹም ቃል ዘክርዎ። ንእይ ሰጒጎምኒ እንተ ኾይኖም፡ ንኣኻትኩምውን ክሰጒኹም እዮም። ቃለይ ሓልዮም እንተ ኾይኖም ከኣ፡ ቃልኩምውን ኪሕልዉ እዮም" (ዮሃ፡15፡20) "ተመሃሪ ካብ መምህሩ፡ ጊልያውን ካብ ጐይትኡ ኣይበልጽን። ተመሃሪ ከም መምህሩ፡ ጊልያውን ከም ጐይትኡ እንተ ኩን ያኣኽሎ። ንብዓል ቤት ብኤል-ዜቡል ካብ በልዎ ንስድራ ቤቱ ግዳ ክንደይ ኣዝዩ ብዙሕ ዘይብልዎም " (ማቴ፡10፡24-25)

ሐ) ብዛዕባ ናይ ፈተና ጥቕሚ እዞም ዝስዕቡ ጥቕስታት ርአ "እቲ ምፍታን እምነትኩም ትዕግስቲ ከም ዚገብር ፈሊጥኩምሲ፡ ብሓንቲ እኳ ኽይጐደልኩም ፍጹማትን ምሉኣትን ምእንቲ ኽትኮኑ፡ እታ ትዕግስቲ ፍጹም ግብሪ ይሃልዋ።" ያእ፡1፡2-3፡ ሮሜ፡5፡3-4፣ እብ፡12፡3-11 ፣ 5፡7-9፣ ሮሜ፡8፡ 28

መ) ኣብ ጊዜ መከራን ፈተናን ሕጉስ ብዛዕባ ምኽንን ዓስቢ ዓወትና ድማ ዓብዩ ብዛዕባ ምኽኑ ዝምልከቱ ጥቕስታት "ንሱ ከኣ፡ ሓይለይ ብድኻም እዩ ዚፍጸም እሞ፡ ጸጋይ ይኣኽለካ፡ በለኒ። ስለዚ ሓይሊ ክርስቶስ ኣብ ልዕለይ ምእንቲ ኺሓድር፡ ብብዙሕ ታሕጓስ ብድኻመይ ክምካሕ እየ።" 2ቆረ፡12፡9-10፡1ጴጥ፡1፡3-9 ፣ ማቴ፡5፡10-12፣ ፊሊ፡3፡10 -11፣ ሮሜ፡8፡17

